# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.40 ዓርቢ 17 ጥቅምቲ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ሓለዋ ንጽህና ኣእዳው ንጥዕና



ገጽ 3
ዋዕላ ሰላም ማእከላይ ምብራቕን ውጽኢቱን




ገጽ 4
ንእሽቶ ኢክስፖ፡ ኣብ ሕምብርቲ ሚይምኒ



ገጽ 5
ተጋዳላይ፡ ካብ ጉስነት ክሳብ ማስተርነት



ገጽ 11
ማእከል - መዛዘሚ ክረምታዊ ውድድር ግረስ ሩት




## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ መበል 19 ዋዕላ ሚኒስተራት ሻራ ዘይብለን ሃገራት ተሳቲፉ







ብቐዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፊያ ተስፋማርያም ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ15ን 16ን ጥቅምቲ ኣብ ካምፓላ - ኡጋንዳ ኣብ ዝተቓነዐ መበል 19 ፍርቂ-ወቕታዊ ዋዕላ ሚኒስተራት ምንቅስቓስ ሻራ ዘይብለን ሃገራት ተሳቲፉ።

ኣምባሳደር ሶፊያ ኣብ ዘስመዓቶ መደረ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንወዲ-ሰብ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓባራዊ ብደሆታት፡ ስእነት ሰላምን ጸጥታን፡ ጆኦፖለቲካዊ ምትፍናን፡ እናሰፍሐ ዝመጸ ዘይምዕሩይነት፡ ኣከባቢያዊ ቅልውላዋት፡ ከምኡ'ውን ምህማሽ ደቡባዊ ንፍቀ-ክቢ ካብ መሰረሕ ምውሳን ከምዝጠቓልል ገሊጻ።

ሃገራት - ንኣሽቱ ይኹና ዓበይቲ፡ ልኡላዊ መሰላተን፡ ናጽነተን፡ ግዝኣታዊ ሓድነተንን ናይ ምውሳን ስልጣነን ክኽበር ኣጕዲሳ፡ ከምዝሓቱ ዝጠቕሰት ኣምባሳደር ሶፊያ፡ መትከላት ብዙሕነት፡ ሰላማዊ ምንባር፡ ከምኡ'ውን ምዕቃብ ልኡላውነት ናይ ኩለን ሃገራት፡ ኣካል ሓባራዊ ራእዩ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ክኾውን ከምዝዋጾእ ኣስሚራትሉ።

ጆኦፖለቲካዊ ረብሓታት ንምስማር ተባሂሉ ነዚ ቅዱስ መትከላት ዝግህስ ዝኾነ ዓንዳሪ ስጉምቲ፡ ናብ ዞባውን ኣህጉራውን ዘይምርግጋእ ስለዝምርሕ፡ ኤርትራ ብጽኑዕ ከምእትቃወሞ ደጊማ ኣረጋጊጻ።

ኣብ መወዳእታ፡ "ኤርትራ፡ ቁጠባዊ ርእሰ ምርኮሳ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ምትሕግጋዝ ደቡብ-ደቡብን ኣህጉራዊ ሽርክነትን ንምርግጋጽ፡ ጽኑዕ መብጽዓ ኣለዋ" ዝበለት ኣምባሳደር ሶፊያ፡ ምስ መሻርኽቲ ምንቅስቓስ ሻራ ዘይብለን ሃገራት ኣብ መዳያት ንግዲ፡ ምስግጋር ቴክኖሎጂ፡ ወፍሪ ኣብ ሰብኣዊ ዓቕሚን ካልእን እትገብሮ ምትሕብባር ንምድንፋዕ ከምእትሰርሕ ኣሕሲራ።

ምንቅስቓስ ሻራ ዘይብለን ሃገራት፡ ረብሓታት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ንምርግጋጽ ኣብ 1961 ዝቖመን 121 ኣባላት ዝሓቖፈን ኮይኑ፡ ድሕሪ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እቲ ዝዓበየ ኣህጉራዊ ውድብ'ዩ።

## ዓለማዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ ድኽነትን ተዘኪረን

ዓለማዊ መዓልቲ መግቢ፡ "ብስምረት፡ ዝበለጸ ስርዓት መግብን ዝበለጸ መጻኢን ነውሕስ" ብዝብል ቴማ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ ድኽነት ድማ "ምሕያል ሕብረተሰብ - ንምውጋድ ድኽነትን ምዕዛዝ ብልጽግናን - ብመንገዲ መኸተ ክሊማዊ ለውጥን ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን" ብዝብል ቴማ ትማሊ 16 ጥቅምቲ ኣብ ሆቴል ማይ-ነፍሒ ተዘኪረን።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-መዚ መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሲያውያንን፡ ሓለፍትን ወከልትን ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ዕዱማት ተረኺቦም ነይሮም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ ተኽለኣብ ምስጉና ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ደርብ ዝኸደ ኤርትራ ንምርግጋጽ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ከም ኣካል ሃገራዊ ቀዳምነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም እምነ-ኩርናዕ




ልምዓታዊ ስትራተጂኣ - መብጽዓኣ ኣብ እተሓደሰሉን እተረጋገጸሉን እዋን ይዝክር ምህላዉ ፍሉይ ከምዝገብሮ ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ኤርትራ እቶታውነት ንምዕባይ፡ ወርሻታቱ እናዓቀበ፡ ያታዊ ሕርሻዊ ንምምዕባል ሓድሽቲ ቴክኖሎጂካዊ ኣገባባት እናተኣታተወ፡ ውሕስነት ኣከባቢ ኣብ ግምት ዘእተወ ምዕቡልን ዘላቕን ሕርሻዊ ሜላታት ንምትግባዕ ከይተሓለለ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ፈጻሚ ዳይረክተር ውድብ መግብን ሕርሻን ዶ/ር ነዩ ዶንግዩ ከምኡ'ውን ወኪል ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስ ኣሪላ ግለኒ ብቪድዮ ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፡ ዕማማት ናይ'ቲ ውድብ - ብኽልስ-ሓሳብ "ብሉጽ ፍርያት"፡ "ብሉጽ ኣመጋግባ"፡ "ብሉጽ ኣከባቢ"ን "ብሉጽ ህይወት"ን ከምዝሓቖፈ፡ እዚ ድማ ምስ መርሓ-ጉደና ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝሳነን ሓባራዊ ጻዕሪ ንምሕያል ባይታ ዘጣጥሕን ምዃኑ ኣረዲኦም።

ወኪል ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ዶ/ር ፓ ላሚን ብወገኑ፡ ምስ ቀዳምነታት ኤርትራ ንምስራሕ ዘሎ ድልውነት ብምርግጋጽ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ምስ ክሊማ ዝሳነ ሜላታት ሕርሻ ንምትእትታው ተበግሶታት ይውሰድ ከምዘሎ፡ ምጥፋእ ድኽነት ድማ መሰረሕ ስለዝኾነ፡ ወሃዲ ጻዕሪ ከምዝሓትት ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ብቪድዮ ዝተዳለወ ትሕዝቶን ምርኢት ፍርያት ትካላት ኣመስራሕቲ መግብን ተዓዚቦም።



ስእሊ-ኣብርሃም በየነ

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሓለዋ ንጽህና ኣእዳው ንጥዕና



ሓለዋ ንጽህና ንሓብራዊ ኩነታት ጥዕና ዝምልከት ኮይኑ፡ ንጽሩይ ቀረብ ዝስተ ማይ ከም'ኡ'ውን ንግቡእ ምቁጽጻርን ምጉሓፍን ረሰሓት የጠቓልል። እቲ ረሰሓት ካብ ኣካላት ሰብ ዝተጎሓፈ ደረቕ ወይ ፈሳሲ ክኸውን ይኽእል። ኣእዳውና መዓልታዊ ደጋጊምና ብሰሙና ብግቡእ ምሕጻብ ሓለዋ ጽሬት እዩ። ሰባት ገጽ ንገጽ ርክባት ከየጓይዱ ምቝጣብ ንባዕሉ'ውን ኣካል ሓለዋ ጽሬት ኮይኑ እዩ ዝግለጽ።

ቀንዲ ዕላማ ሓለዋ ጽሬት/ንጽህና፡ ጥዑይ ኣከባቢ ብምፍጣር ጥዕና ህዝቢ ምሕላው እዩ። ጥዑይ ኣከባቢ ምፍጣር፡ ብፍላይ ብመንገዲ ካብ ቀልቀል ወይ ጉሓፍ ናብ ኣፍ ክመሓላለፉ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ንምክልኻል ዘበለጸ ኣገባብ እዩ። ንኣብነት ወጻኢት ሓደ ካብቲ ጠንቂ ዓጸቦን ምስንኻል ዕብየትን ህጻናት ኮይኑ እዩ ዝጥቀስ። ግቡእ ሓለዋ ጽሬት ምህላው ወጻኢት ካብ ምልባዕ ዝሕግዝ ዝበለጸ ኣገባብ ምዃኑ ድማ ርዱእ እዩ። ኣብ 2017 ዝተገበረ መጽናዕቲ ከም ዘመልከቶ፡ ልዕሊ 4.5 በልዮን ህዝቢ ዓለም ዘተኣማምን ሓለዋ ጥዕና ኣይረኸበን።

**ጽልዋ ትሑት ሓለዋ ጽሬት ኣብ ጥዕና**

ብቑዕ ሓለዋ ጥዕና ንጥዕና ሕብረተሰብ ኣገዳሲ እዩ። እኹል ሓለዋ ጥዕና ዘይምህላው ድማ ጠንቂ ሕማም እዩ። ኣብ ዓለም ዓመታዊ ካብ ዝኸሰት ብዙሒ ሞት እቲ ኣስታት 5 ሚእታዊት ግቡእ ሓለዋ ጽሬት ብዘይምህላው ዘጋጥም ምዃኑ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ። ዘተኣማምን ሓለዋ ጽሬት ምውናን ዓመታዊ ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ብወጻኢት ናይ ሞት ሓደጋ ክንጸላልዎም ዝኽእሉ ህጻናት ከድሕን ይኽእል ምህላዉ ድማ እቲ ጸብጻብ የመልክት።

ኣብ ዓለም ዓመታዊ ብማይ-ወለድ ሕማማት ናይ ዝሞቱ ህዝቢ ብዝሒ ክሳብ 5 ሚልዮን ከም ዝበጽሕ እዩ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም ዝሕብር። ስለዚ ጥዑይ ሕብረተሰብ ክህልወካ ግቡእ ሓለዋ ጥዕና ክህልወካ መሰረታዊ ነገር እዩ።

**ወጻኢት**

ብሕማም ወጻኢት ዓመታዊ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ካብ 1.6 ክሳብ 2.5 ሚልዮን ይግመት። መብዛሕትኦም ግዳያት ድማ ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት እዮም። ብሕማም ወጻኢት ዝተጠቕዑ ህጻናት ትሕቲ ንብር ክብደት ክኣትዉ ዝያዳ ዝተቓልዑ እዮም። ኣብ ደረጃ ዓጸቦ ዝኣተወ ትሑት ክብደት ዘለዎ ህጻን ድማ ብዝተፈላለዩ ረኽሲ ናይ ስርዓት እስትንፋስን ዓሶን ብቐሊሉ እዮም ዝጥቀዑ።

ኣብ ጽሩይ ቀረብ ዝስተ ማይ ምዕባለ ምምዕባልን ግቡእ ሓለዋ ጥዕና ምህላውን ንተኽእሎታት ሕማም ወጻኢት ብልዑል ቁጽሪ ከም ዘውርዶ እዮም ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዘመልክቱ።

**ጉድለት ኣመጋግባን ዓጸቦን**

መብዛሕትኡ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ህጻናት ዝርአ ጉድለት ኣመጋግባ ወይ ዓጸቦ፡ ብቑዓት ዘለዎ ዝስተ ማይን ግቡእ ክንክን ሓለዋ ጽሬትን ብዘይምህላዉ ከም ዝኸሰት እዮም ክኢላታት ሕክምና ዘመልክቱ። በዚ ጸገም'ዚ፡ መብዛሕትኦም ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት ዝርከብዎም፡ ዓመታዊ ኣስታት 900 ሽሕ ሰባት ከም ዝሞቱ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የረድእ።

ሓደ ካብቲ ብቑዓምን ዝጥቀስ ግቡእ ክንክን ሓለዋ ንጽህና ጽሬትን ክንክንን ኣኣዳው እዩ።

**ጽሬት ኣእዳውን ጥዕናን**

ካብ መላእ ኣካላትና፡ ኣብ ጉዳም ምስ ዝርከቡ ነገራት ብዚዩ ዕረፍቲ ምትንኻፍ ዝዛበር ኣእዳውና እዩ። ስለዚ ግቡእ ጽሬት ኣእዳው ምሕላው፡ ንጥዕናኻን ጥዕና ስድራ ቤትካን ክትሕሉ ዘኽእል ብሉጽ ሜላ ቅድመ ክንክን ጥዕና ተባሂሉ እዩ ዝጥቀስ።

ጠንቂ ሕማም ዝኾኑ ታህዋስያን ብኸመይ ይመሓላለፉ? ኣእዳውና እናሻዕ ብግቡእ ምስ እንሕጽብ ከም ሕማም ስርዓት-እስትንፋስን ወጻኢትን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ሕማማት ንምክልኻል የኽእል። ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ወይ ካብ ነገራት ናብ ሰብ፡ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ብቐሊሉ ክመሓላለፉ ይኽእሉ። ብኸመይ?

- ኣእዳውና ብግቡእ ከይተሓጸብና ዓይንና፡ ኣፍንጫናን ኣፍናን ምስ እንትንክፍ፥
- ኣእዳውና ብግቡእ ከየጽረና መግቢ ምስ እኑዳሉን እንምገበን፥
- ዝተበከለ ነገራት ብኣእዳውና ምስ እንትንክፍ፥
- ብኣእዳዋና ልፍጭና ጸሮኻ፡ ወይ ኣብ ኣእዳውና ሃንጠሰና ብግቡእ ከይተሓጸብና ንኻልእ ሰብ ሰላም ምስ እንብል ወዘተ።

**ኣገደስቲ ግዜ ኣብ ምሕጻብ ኣእዳው**

ጥዕናኻን ጥዕና ናይቶም እትፈትዎም ስድራቤትካን ቀረብትኻን ንምሕላው፡ ኣእዳውካ ብዘይቋረጽ ምሕጻብ የድሊ። መዓስ እዩ ኣእዳውና ናይ ግድን ክንሕጽብ ዘድልየና?

- ቅድሚን ኣብ ግዜን ድሕሪን ምድላው መግቢ፥
- ቅድሚን ድሕሪን ምምጋብ፥
- ቅድሚን ድሕሪን ንሓደ ሕሙም ምእላይ (ኣብ ትካላት ጥዕና ይኹን ኣብ ገዛ)፥
- ቅድሚን ድሕሪን ቀንሲ ምሕካም፥
- ድሕሪ ዓይኒ ምድሪ ምጥቃም፥
- ድሕሪ ኣፍንጫኻ ምጽራይ፥ ምስዓልን ምህንጣስን፥
- ድሕሪ እንስሳ ወይ መግቢ እንስሳ ከም'ኡ'ውን ቀልቀል እንስሳ ምሓዝ፥

ምስ ዝሀሉ ምእላይ፥

- እታ ቀለቤት ወይ ካልእ መጋጌጺ ቅድሚ ኣእዳውካ ምሕጻብካ ብስርዓት ሓጺብካ ምቕማጥ፥
- እናተሓጸብካ ዝኾነ ረሳሕ ነገራት ካብ ምትንካፍ ምቝጣብ፥
- ኣብ ኢድና ቁስሊ ምስ ዝህልወና ድማ፡ ኣቐዲምና ብጽሩይ ጨርቂ ምሽፋን።

ስሩዕ ኣጽፋርን ኣዝማልቶን መሕብኢ ባክተርያ ክኾኑ ስለዝኽእሉ፡ ብግቡእ ምጽራዮም ወይ ምእላዮም ተመራጺ እዩ።

ዓመታዊ ልዕሊ 3.5 ሚልዮን ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት፡ ብወጽኣትን ረኽሲ ባክተርያ ብዘስዕቦ ጸገማት ስርዓት እስትንፋስን ከም ዝሞቱ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት። እቲ ዝበዝሐ መጠን ሞት፡ ትሑት መነባብሮ ኣብ ዘለወን ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ይርአ።



- ጉሓፍ ድሕሪ ምሓዝ፥
- ኣእዳውካ ርኡይ ርስሓት ከም ዘለዎ እንድሕር ኣስተብሂልካ፥
- ድሕሪ ሽጋራ ምትካኽ፥
- ዘይብለለ ሲጋ ደርሆ ወይ ዓሳ ድሕሪ ምትንካፍ፥
- ዝኾነ ብኣእዳው ዝሰራሕ ንጥፈታት ክተካይድ ድሕሪ ምጽናሕ - (ንኣብነት ኮምፒዩተር፡ ምዝዋር ተሽከርከርቲ፡ ምትንካፍ መጻሕፍቲ ወዘተ)።

ቅኑዕ ኣገባብ ኣተሓጽጽባ ኣእዳው

ዝኾነ ሰብ ኣእዳዉ ኣብ ዝሕጸበሉ እዋን እዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ ደረጃታት ምስ ዝኽተል ቅኑዕ ኣገባብ ምሕጻብ ኣእዳው ኣካይዱ ክንብሎ ንኽእል።

- ፈለማ ኣእዳውና ብጽሩይ ማይ ከም ዝጠልል ብምግባር ሳሙና ንገብረሉ።
- ኣብ ክልተኡ ኣእዳው ብሓባር ነፍርዮ። ኣብ ዝባን ኣእዳውና፡ መንጎ ኣጻብዕትናን ትሕቲ ኣጽፋርናን ምዕፋሩ ነረጋግጽ።
- ብኸም'ዚ ኣገባብ ን20 ካልኢታት ናብ ኩሉ ኣእዳውና እናዝርና ንፋሕፍሖ።
- ብጽሩይ ማይ ኣእዳውና ጸቡቕ ገይርና ንልቅልቖ።
- ኣብ መውዳእታ ብጽሩይ ጨርቂ ወይ ብንፋስ ነንቕጾ።

ኣብ እዋን ምሕጻብ ኣእዳው ክንገብሮም ወይ ክንፈልጦም ዝግብኣና ተወሳኺ መምርሒታት፦

- ኣብ ኣጻብዕትኻ ወይ ገምቦ ኢድካ ቀለቤት ወይ መጋጌጺ




ሳሙና ተጠቒምካ ስሩዕ ምሕጻብ ኣእዳው ምዝውታር፡ ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዕድመ ዝርአ ወጻኢትን ረኽሲ ስርዓት እስትንፋስን ብልዑል ቁጽሪ ከም ዘጉድሎ ክኢላታት ሕክምና ይሕብሩ። ኣብ 2016 ኣብ ካናዳ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽርዖ፡ ኣእዳው ብግቡእ ብምሕጻብ ክስዕቡ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ሕማማት ብ14 ሚእታዊት ክጉድሉ ክኢሎም። ዓይነት ሳሙና ኣብ ምሕጻብ ኣእዳው ዝኾነ ዓይነት ሳሙና ተጠቒምካ ኣእዳውካ ምጽራይ ይከኣል እዩ። እቲ ወሳኒ ነገር፡ ግቡእ ጽሬት ኣእዳው ብምሕላው፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብምትንኻፍ ዝመሓላለፉ ሕማም ዘስዕቡ ጀርምታት ናብ ውሽጢ ሰብነት ከይኣትዉ ምክልኻል እዩ።

**ብጉድለት ሓለዋ ጽሬት ኣእዳው ክስዕቡ ዝኽእሉ ሕማማት**

ግቡእ ክንክን ጽሬት ኣእዳው ብዘይምህላው ኣብ ሰባት ክረኣዩ ዝኽእሉ ሕማማት ብዙሓት እዮም። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፦

* ወጻኢት፡
* ተምላሕ፡
* ረኽሲ መዓንጣ (Ascariasis)፡
* 'ካምፓይሎባክተርዮሲስ' ( Campylobacteriosis)፡
* ሽሮኽ (Cholera)፡
* 'መርዚ ሲያኖባክተርያ' (Cyanobacteria toxins)፡
* 'ዴንጊ' (Dengue) ብቫይረስ ዝሳዕ ብርቱዕ ሕማም፡
* ወደብ (Hepatitis)፡
* ትራኮማ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

ምንጪ፦ Health line

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ዋዕላ ሰላም ማእከላይ ምብራቕን ውጽኢቱን




ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁን ኣብ ጉዳይ ኩናት ጋዛ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሑ ዝዘከር እዩ። በዚ ከኣ ኣብ መጀመርያ ናይዚ ሰሙን ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ናብ ግብጺ ተጓዒዙ፡ ኣብቲ ታሪኻዊ ምንባሩ ዝተገግረሉ 'ዋዕላ ሰላም ማእከላይ ምብራቕ' ከም ዝተሳተፈ ይፍለጥ። ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁን ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ስምምዕ ሰላም፡ ኩሎም'ቶም ብምንቅስቓስ ሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ብዚወት ዝጸንሑ 20 እስራኤላውያን ናብ ሃገሮም ከም እተመልሱ እዩ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ዝሓበሮ። እዞም ንኽልተ ዓመታት ኣብ ጋዛ ኣብ ዘይተፈልጠ ቦታ ጅሆ ተታሒዞም ዝጸንሑ እስራኤላውያን ብመንገዲ ኣህጉራዊ ኮሚተ ቀይሕ መስቀል ኣቢሎም ናብ ሃገሮም ከም እተላእኩ እዩ ዝገለጽ ዘሎ። ኑቶም ናጻ ዝተለቁ ጅሆታት ንምቕባል ከኣ ኣስታት 65 ሽሕ እስራኤላውያን ኣብቲ ኣብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ ዝርከብ 'ኣደባባይ ጅሆታት' ዝተሰምየ ቀርዓት ከም እተረኽቡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብኻልእ ወገን ድማ ካቢነ ሚኒስተራት እስራኤል፡ ነቲ ስምምዕ ሰላም መሰረት ብምግባር፡ ኣስታት 2,000 ፍልስጤማውያን እሱራት ናጻ ክልቀቑ ወሲኑ። መንግስቲ እስራኤል ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ዋላ'ኳ ሬሳ ወይ ኣስከሬን ናይ'ቶም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሓማስ እንከለዉ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝሞቱ 28 እስራኤላውያን ምስ ተረኸበ ጥራሕ ኣብ ኣብያተ ማሕበሱ ንዝርከቡ 250 ፍልስጤማውያን እሱራት ናጻ ክለቐቕ ምዃኑ ብወግዒ እንተ ገለጸ፡ ኣስከሬን ወይ ሬሳ ናይ ኩሎም ዝሞቱ እስራኤላውያን ከይተቐበለ እንከሎ ግን፡ ኑቶም ዝገለጾም ፍልስጤማውያን እሱራት ናጻ ከም ዝለቐቐ ማዕከናት ዜና ዓለም ይሕብራ። ብወገን ሓማስ ድማ፡ ካብ'ቶም ጅሆ ተታሒዞም እንከለዉ ዝሞቱ 28 እስራኤላውያን፡ ዛጊት ሬሳ ናይ 8 ሰባት ጥራሕ ናብ ስድራቤቶም ከም እተረከበ እዩ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ዘመልከተ። በዚ ከኣ እስራኤል ንቑጽሪ ናይ'ተን ሰብኣዊ ሓገዛት ጸዒነን ናብ ወሸመጥ ጋዛ ክኣትዋ ዘፍቀደትለን ናይ ጽዕነት መካይን ክትድርቶ ምኳና ዘመልክት ሓበሬታ ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ልኢኻ ምህላዋ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኩናት ጋዛ ደው ንምባል ሓያል ዲፕሎማሲያዊ ጻዕሪ ከም ዘካየደ እዮን ማዕከናት ዜና ዓለም ዘቃልሓ። ነቲ ንኽልተ ዓመታት ዝቐጸለ ኩናት እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ደው ንምባል፡ 20 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ሰላም ምቕራቡ'ውን ዝዝከር እዩ። በዚ ከኣ ነቲ ስምምዕ ሰላም ማእሰል ዝገበረ ናይ ቀዳማይ እብረ ዝርርብ ኣብ ከተማ ሻርማሸክ - ግብጺ ተኻይዱ ነይሩ። እቲ ልዕሊ 20 መራሕቲ ሃገራት ዓለም ዝተሳተፍዎ ዋዕላ ሰላም፡ ኣብ ታሪኽ ማእከላይ ምብራቕ ዓቢ ነጥበ መቐይሮ ምዃኑ'ዩም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ። እቲ ኣብ ወሸመጥ ጋዛ ክቕጽል ዝጸንሐን ሂወት ልዕሊ 67 ሽሕ ፍልስጤማውያን ዝቐዘፈን ደማዊ ኩናት በቲ ስምምዕ መሰረት ከኽትም ምኽኣሉ'ውን፡ ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ብሓፈሻ፡ ኣብ ፍልስጤማውያን ነበርቲ ጋዛ ድማ ብፍላይ እፎይታ ፈጢሩ ምህላዉ ይግለጽ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ንግብረውነት ናይቲ ስምምዕ ኣመልኪቱ ቃሉ ንምሃብ፡ ቅድሚ እቲ ዋዕላ ሰላም ኣብ ግብጺ ምቕንዑ ናብ እስራኤል ከም እተጓዕዘ ይፍለጥ። እቲ ፕረዚደንት፡ ኣብቲ ብ'ቤን ጉርዮን' ዝፍለጥ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ እስራኤል ምስ በጽሐ፡ ብሰለስተ ናይ ኩናት ነፈርቲ እስራኤል ተዓጂቡ እዩ ናብ ህንጻ ባይቶ እስራኤል (ከነሰት) ክኣቱ ክኢሉ - ብመሰረት ጸብጻባት ዜና። ናብቲ ባይቶ ድሕሪ ምእታዉ ከኣ ነቲ ብሸነኺ ናይ ኣይሁዳውያን በዓል፡ ኣብቲ ንምሸቱ ኣብ ግብጺ ዝቐየድ ዋዕላ ሰላም ክሳተፍ ከም ዘይክእል ዘፍለጠ ቀዳማይ ሚኒስተር ቤንያሚን ናታንያሁን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ኣባላት ባይቶን ኣብ ዝተረኽብሉ ኢጋጣሚ መደረ ኣሰሚዑ ነይሩ። ትራምፕ ኣብቲ ኢጋጣሚ፡ "እቲ ንኽልተ ዓመታት ዝቐጸለ ኩናት ኣብዚ ዕለት'ዚኣ ደው ኢሉ ኣሎ" ድሕሪ ምባል፡ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ሓደ ተስፋ ዝረኣዮ ታሪኻዊ መድረኽ በጺሑ ከም ዘሎ ኣረዲኡ። ንሱ ወሲኹ፡ ባይቶ እስራኤል፡ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ናይ ሰላምን ብልጽግናን ኩነታት ኣብ ምፍጣር ዓቢ ሓላፍነት ከም ዘለዎ'ውን ኣመልኪቱ። ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ነቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ሰላም ክዉን ንምግባር ከይተሓለላ ንዝጸዓራ ሃገራት ዓረብ፡ "ናይ ሰላም መሻርኽትና" ብምባል ከማሶገነን ተሰሚዑ። ትራምፕ ኣብ መወዳእታ፡ ኩሉ ፍልስጤማዊ ካብ ጎንጽን ህውከትን ርሒቑ ናብ ዳግመ ህንጸት ወሸመጥ ጋዛ ክተኩርን ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ሰላም ዕድል ብዝዋጋእ ክጥቀመሉን ተላብዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ብወገኑ ኣብ ዘሰመየ መደረ፡ እታ ዕለት ኣብ ታሪኽ ሃገሩ ታሪኻዊት ምኳና ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ኢጋጣሚ ኣብ መዘኻከሪ ታሪኽ ሃገሩ ብፍሉይ ክሰፍር ምዃኑ ኣመልኪቱ። ናታንያሁ ወሲኹ፡ ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ንእስራኤል ብዘበርክቶ ደገፍን ዝለዓለ ክብርን ንትራምፕ ከማሶገነ እዩ ተሰሚዑ። እቲ ኣቐዲሙ ብፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝቐረበ እማመ ሰላም ወሲኺ ምንባሩ ዝጠቐሰ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ትራምፕ ኣብ ግብረውነት ናይቲ ስምምዕ ንዘተጻወቶ ተራ'ውን መጉሱ። ፕረዚደንት ትራምፕ ናይ እስራኤል ጻንሖቱ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ኣብ ዋዕላ ሰላም ማእከላይ ምብራቕ ንምስታፍ ናብ ግብጺ እዩ ኣምሪሑ። ኣብቲ ንሱ ዝመርሖ ዋዕላ ሰላም ከኣ፡ መራሕቲ ናይ'ተን መንጎኛታት ኮይነን ንኽልተኦም ወገናት ንምቅርራብ ጻዕርታት ከካይዳ ዝጸንሓ ሃገራት ማለት፡ ፕረዚደንት ግብጺ ዓብደልፈታሕ ኣልሲሲ፡ ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይፕ ኤርዶጋን፡ ከምኡ ድማ ኣሚር ቀጠር ሸኽ ታሚም-ኢቢን ሓምድ-ኣል-ሳኒ፡ ንሰነድ ናይቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸቲሲ ክታሞም ከንብሩሉ ተራእዮም።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ብኣሸሓት ዝቖጸሩ ነበርቲ ወሸመጥ ጋዛ፡ ካብቲ ንኽልተ ዓመት መመላእታ ተመዛቢሎምሉ ዝጸንሑ ቦታታት ናብ መረበቶም ክምለሱ ጀሚሮም ኣለዉ። ብመሰረት እዚ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ሰላም፡ እስራኤል ሰብኣዊ ሓገዛት ዝጸዓና መጓልታዊ ኣስታት 600 ዓበይቲ መካይን ናብ ጋዛ ክኣትዋ ክተፍቅድ ምዃና እዩ ዝግለጽ ዘሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ነዚ ሕጂ ግብራዊ ኮይኑ ዘሎ ምቁራጽ ተኹሲ ኣመልኪቶም ሓያሎ መራሕቲ ሃገራትን ትካላትን ደገፎም ይገልጹ ኣለዉ። ትግበረ ቀዳማይ መድረኽ ናይዚ ስምምዕ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ትግበረ ካልኣይ እብረ ናይቲ ስምምዕ ንምጅማር ኣብ መስርሕ ከም ዘሎ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣፍሊጡ ኣሎ። ካልኣይ እብረ ናይቲ ስምምዕ፡ ሓማስ ዕጥቁ ክፈትሕ፡ ካብ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ምሕደራ ወሸመጥ ጋዛ ድማ ምሉእ ብምሉእ ክእለ ዝብሉ ነጥብታት ዝሓቖፈ እዩ። እንተ ኾነ፡ ምንቅስቓስ ሓማስ ነዞም ነጥብታት እዚኦም ከተግብርዎም ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ ምኽንያት እዩም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ። ሓማስ ኣቐዲሙ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነቲ 'ምውራድ ዕጥቂ' ዝብል ስምምዕ ከም ዘይቕበሎ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዕጥቁ ከም ዘይፈትሕን እዩ ኣሕጺሩ። ፕረዚደንት ትራምፕ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ድማ፡ ካልኣይ እብረ ናይቲ ስምምዕ ግብራዊ ንምግባር ሓማስ ዕጥቁ ብቐልጡፍ ክፈትሕ ጸውዒት ኣቕሪቡ። እቲ ፕረዚደንት ኣብ መግለጺኡ፡ ሓማስ ነቲ ስምምዕ ተቐቢሉ ዕጥቁ ብቐልጡፍ ምስ ዘይፈትሕ፡ ዕጥቁ ንምውራድ ኣመሪካን እስራኤልን ሓይሊ ክጥቀማ ምዃነን እዩ ኣጠንቂቑ። ንሱ ወሲኹ፡ ሓማስ ብመሰረት እቲ ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ስምምዕ ሰላም ሰፊሩ ዘሎ ነጥብታት፡ ኩሉ እቲ ኣብ ኢዱ ተሪፉ ዘሎ ሬሳታት እስራኤላውያን ብቐልጡፍ ከረክብ'ውን ጸዊዑ። ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ስምምዕ ሰፊሮም ካብ ዘለዉ ነጥብታት፡ እቶም ክልተ ዛጊት ኣብ ተግባር ከም ዘይወዓሉ እዩ ዝሕብር ዘሎ። እቶም ኣዘራረብቲ ኮይኖም ዘለዉ ነጥብታት፡ ሓማስ ኩሉ ኣብ ኢዱ ዘሎ ሬሳታት እስራኤላውያን ከረክብ፡ እስራኤል ድማ ደረት ዘይብሉ ሰብኣዊ ሓገዛት ብመንገዲ ራፋሕ ኣቢሉ ናብ ወሸመጥ ጋዛ ንኽኣቱ ክተፍቅድ ዝብሉ ምዃኖም፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ ፍልስጤማውያን ነበርቲ ወሸመጥ ጋዛ ኣብቲ ወተሃደራት እስራኤል ዓስኪሮምሉ ዝነበሩ ቦታታት ናይቲ ወሸመጥ ከይንቀሳቐሱ ይጽውዕ ኣሎ። ብመሰረት እቲ ኣብ ካልኣይ እብረ ናይቲ ስምምዕ ሰፊሩ ዘሎ ኣገዳሲ ነጥቢ፡ ሓይልታት እስራኤል ካብቲ ተቖጻጺሮሞ ዘለዉ ሰፊሕ ከባቢታት ወሸመጥ ጋዛ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከንሳሕቡ ምዃኖም እዩ ዝሕብር። እዚ ግን ሓማስ ዕጥቁ ክፈትሕን ካብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ክእለን ምስ ዝሰማማዕ ጥራሕ'ዩ ክትግበር ዝኽእል - ብመሰረት እቶም ጸብጻባት።

• • • • • • • • • • • • •



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ናይ መድረኽ ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ድራማ |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፍታት |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ቴራብ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ጾር'ታ ዓዲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፈታት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንኳዕ ዝሞም |

# ማሀደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ተጋዳላይ፡ ካብ ጉስነት ክሳብ ማስተርነት

### መበል 23ን መወዳእታን ክፋል

ጸሊኢ፡ ብርጌዳት ክ/ሰ 70 ካብ የማናይ ክንፊ ደፋዕ ማሱሓሊት ምውጻእንን ካብ ማዕበል ረደየታት ርክበ'ውን ብምጥፍኣንን ብምስዋረንን ተጨኒቑ። ኣብ ኩሉ ግንባራት ንዘርከቡ ኣዘዝቲ ሰራዊቱን ሰለያታቱን ህጹጽ መጠንቀቕታ ኣመሓላለፈ። ህላወ ብርጌዳት ክ/ሰራዊት 70 ዝፈለጠ ኣካል ቅልጡፍ ሓበሬታ ክህበ'ውን መምርሒ ሃበ። ሽዑ ብርጌዳትና ንሓጺር እዋን ኣብ ከበቢ መልመልትን ገልጠምን ታዕሊም ከኪይዳ ጸኒሐን ሃንደበት ካብ ዝኾነ ምንቅስቓሳት ተሓለዋ። ኣብ ወርሒ ጥሪ 1990 ከኣ ካብ ሃሮ ተላዒለን ናብ ምዕራብ ገጽን ነዊሕ ጉዕዞ ጀመራ። ክልተ ብርጌዳት (ብርጌድ 71፡ ብርጌድ 20) ኣብ መካይን ተሳፊረን ካብ ምድሪ ኤርትራ ጠቕሊለን ብምውጻእ፡ ብመሬት ሱዳን ኣቢለን ናብ ኣሶሳ (ደቡባዊ ምዕራብ ኢትዮጵያ) ሰገራ። ኣሃዱ ክፍሊ መጥባሕቲ ክፍለ ሰራዊት'ውን ምስአን ተገዓዘት።

እቲ ስርሒት ኣብ ዝተጸንዐ መደብ ዝተኻየደ ይመስለኒ። ምኽንያቱ ኣብቲ ዝደለ ከበቢ ምስ በጻሕና ንዕረፍቲ ዝጠፍአ ግዜ ኣይነበረናን። ቀጥታ ናብ መጥቃዕቲ ኣተና። ስርሒትና፡ ልክዕ ናይ ደባይ ስርሒት ኮይኑ ዕዉት ከኣ ነበረ። ኣብ ኣሶሳ (ወሊጋ) ዝጸንሐ ሓይሊ ጸላኢ በርቃዊ መጥቃዕቲ ከፊትና ድሕሪ ምድምሳሱ፡ ብቐጻሊት ኣንፈትና ንድሕሪት ገበርና። ከም ኣካይዳና፡ ካብኡ ዝተወንጨፍና ኣብ ወርሒና ኣብ ማጠሲና ገልጠም (ኣብሮ) ኣተና።

ናብ ገልጠም ምስ ተማለስና፡ ከም ከኣተን ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ውጥን ስርሒት ፈንቅል ንምትግባር ብ7 ለካቲት 1990 ኣብ ሩባ ላባ ወዓልና ናብ ምጽዋዕ ክንሓስዕ ከቋመትን ጀመርና። ጸላኢ ግን ገና ክ/ሰራዊት 70፡ ብሓፈሻ ሻዕብያ ኣብ ምድሪ ወሊጋ ኣትዩ ኢሉ፥ ናብቲ ኸበቢ ዓቕሚ ሰራዊት ንምድራብ ሸበድበድ ይብል ነበረ።

ኣብ ግዜ ስርሒት ፈንቅል'ውን ኣብቲ ክፍለ ሰራዊት ሓኪም መጥባሕቲ ኮይነ ደሰርሕ ነርኩ። ሓላፊት ሕክምና ክፍለ ሰራዊት 70 ግን ኤልሳ ገብረረቢ ዙርያስ እያ። ኤልሳ፥ ኣብቲ ሕክምና ከም መራሒት ማሳርዕ ኮይና ክትሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፥ ሽዑ ሓላፊት ሕክምና ክፍለ ሰራዊት ኮይና ተመዘዘት። ክሳብ ሽዑ ምስ ኤልሳ ገብረረቢ ከም መሳርሕትን ብጾትን ደኣ ነርና'ምበር መዘምድቲ ኣይነበርናን።

ጽርግያ ማስመር ምጽዋዕ ኣስመራ ተበቲኹ፥ እቲ ኹናት ናብ ግንዳዕን ናብ ከተማ ምጽዋዕን ክልተ ግንባር ምስ ተፈጥረ፥ ሕክምና መጥባሕቲ ኣሃዱና ኣብ ደንጎ ቦታኡ ብምሓዝ ውጉኣትና ንቕበል ነርና። ምእንቲ ኑቲ ዝደጋገሙ ቦታ ኣፈርቲ ከይጽርግዘኣ'ሞ ውጉኣትና ከይህሰሙና ኣብ ግዜ ቐትሪ ውጉኣትና ኣብኡ ነፍ ኑብሎም ኣይነበርናን። ናብቲ ኩጀታት ኣልጊሶም ኣብ ትሕቲ ጽላል ቆጥቋጢ ኣዕሪፎም ከም ዝውዕሉ ንገብር ነርና። ወላ ንዘመጽኣና ጦፍ - ብስራሕ ንዘመጽኣ ተጋዳላይ - እውን "ኮ ደይቡ" ንብሎ ነርና።

ሓደ መዓልቲ ኣርባዕተ ጦፋት ምስ መጸኣና፥ ከምቲ ልሙድ ኑብሶም ንምዕቃብ ናብቲ ውጉኣትና ዝውዕሉ ኩጀታት ክድይቡ ሓበርናዮም። ንሳቶም ግን ሕራይ ኢሎምና ከበቅዑ ካብና ተኸዊሎም ኣብ ታሕቲ ደኒኖም ወዓሉም። ነፈርቲ መጺአን ምስ ደብደባ ኸኣ ሃሪመንኦም። ብደቂቕም ከለው ናፓልም ኣሕሪሩዎም። ኣብቲ ግዜ'ቲ ንተጋዳላይ ምሕረትኣብ - ኮሚሳር ብርጌድ፡ (ሕጂ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዘሎ) ማህረምቲ ኣብዶመን (ናይ ከብዲ) ኣጋጢሙዎ ምሳና ኣብኡ ነይሩ፥ እታ ደቂሰላ ዝነበረ ቴንዳ ብናፓልም ክትቃጸል ስለ ዝጀመረት፡ ተጓይያ ምስ ዓራቱ ካብ ውሽጢ'ታ ቴንዳ ንሰሰ ኣውጺአዮ ድሒኑ።

ናይ ምጽዋዕ ኩናታት ብዓወት ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ክ/ሰራዊት 70 ናብ ኩብን ደብረ በዘንን ተንቀሳቐሱ። ካልኦት ክፍላተ ሰራዊት ግን ኣብ ግንባር ግንዳዕ ኣብ ከበድ ናይ ምርብራብ ውግእ ተጸምዱ። ኣብዚ ግዜ'ዚ መጥባሕቲ ኣሃዱና ኣብ ብዓረዛ (እግሪ ኩብ) ብምዃን ውጉኣቱ ይቕበል ነበረ። ጸላኢ፡ ሃሱሳት - ገበር ተመሳሲሎም ዝሰልዩን ሓበሬታ ዘቐብሉን - ኣዋፊሩ፥ መኣዘዚ ቦታናን ክፍልታትና ዘለዉዎን የጽንዕ ነበረ። ሓበሬታ ይረክብ ስለ ዝነበረ ኸኣ ብደብዳብ ከበድ ብረትን ነፈርቲ ውግእን ኮፍ ምባል ከለኣና። በዚ ምኽንያት ሰገኣት ስለ ዝነበረና፡ ውጉኣትና ኣብቲ ኮኾታት መዕቆቢ ሒዞም ከም ዝውዕሉ ንገብር ነርና።

ሓደ መዓልቲ ኣብ መመጽለሊኦም ወዓሎም ሰዓት 5:00 ድሕሪ ቐትሪ ናብ ቀንዲ መዳኸርና ክትኣኻኸቡ ኣብ ዝጀመሩሉ ደብዳብ ከበድ ብረት ጀሚሩ። ጸላኢ፡ ቀዳመይቲ ቦምባ ብቐደመና ኣብ ዘላ ኮ ክሆርም ከሎ፥ ካልኣይቲ ኸኣ ንዓና ሓሊፉ ኣብ ድሕረና ዘላ ኮ ሃረመ። ናዓና ክወቕዕ ከም ዝደለየ ስለ ዝበመትክኑ፥ ዓው ኢለ "ክ'ልኻ ዝበደፍካ ጌፊፍካ ናብ ምዕራባዊ ኮ ተጸጋዕ!" ኢለ ኑየም ውጉኣትናን ኣባላትናን መምርሒ ሃብኩ። ኩሉ ሰብ ከኣ ብቕልጡፍ ናብቲ ብማጠሉ ውሕሱት ዘለዎ ኮ ክጽጋዕ ተጓየየ።

ግምትና ጌጋ ኣይነበረን፥ 10 ዝኾና ቦምባታት ከበድ ብረት ኣብ ልክዕ ዝነበርናዮ ሩባ ብምውዳቐ ንመዳኸርና ሕውስውስ ኣበሎ። ግን ሳላ ሰብ ናብቲ ውሑስ ቦታ ዝተኣልየ ብውሑድ ክሳራ ተኻገልና። "ጓል ሰብ" ዝተባህለት ሓንቲ ብጸይቲ ጥራይ ርእሳ ምስ ተሃርመት ተሰዊአትና። እምበር ጸላኢ ኣብ ልክዕ ታርጌት ስለ ዝወቕዐ ቀልጢፍና እንተዘይንእለ ንኸሳትና ምወድኣና ነይሩ።

ገለ ካብቶም ዝሕብሩ ዝበሩ ሃሱሳት ጸላኢ ብምትሕብባር ህዝቢ ይትሓዙ ነይሮም እዮም። ንኣብነት፡ ሓደ ሰሊያ ጸላኢ ንሓደ ሓረስታይ ኣብ ግራቱ (ደቡባዊ ባሕሪ) ብምምጻእ ኣብ ከውሊ ኮይኑ፥ "ማይ ኣሰትየኒ" በሎ። "እንታይ ዝኾንካ ኢኻ?" እንተበሎ፥ "ተጋዳላይ እየ" መለሰ፥ "ተጋዳላይ እንተ'ኼንካ ንዓ መጺእካ ስተ" እንተበሎ፥ ሰሊያ ጸላኢ እናጉብዐበ "ናብዚ ኣምጽኣለይ!" ምስ በሎ፥ እቲ ሓረስታይ ከኣ ማይ ሒዙ ናብቲ ሃሰስ ብምቕራብ ጥምጥም ተተሓሓዙ። እቲ ሰሊያ ጸላኢ ስለ ዝሓየለ ነቲ ሓረስታይ ተሰኪሙ'ኳ እንተ ደርበዮ፥ ግን ወዲ ኑቲ ሓረስታይ ስለ ዘርከበሉ፥ ሰሊያ ጸላኢ ብረቱ ደርቢዩ ሃደመ።

ኣብ ግንባር ግንዳዕን ከብን ዝተኻየደ ምርብራብ ናህሩ ከይጸንቀቐ ሰራዊትና ብደቡብ ሓዲሽ ግንባር ከፈተ። ንኣኸይቲ ማዕረባ ምጥቃዕ ምድላዋት ክግበር ከሎ፥ መጥባሕቲ ኣሃዱና ሓንሳብ ኣብ ኣሀቱ ብቐንዱ ግን ኣብ ብርኪቶ ደጎኝና። ኣብ ምድምሳስ ሰኸይቲ'ውን ሓንቲ ናይ ቀዳማይ ረድኤት ማሳርዕ ኣብ ደግሳ ገይርና ነይርና። ዲሕረዋይን ቀንዲ ኣኣንጋድን ግን ኣብ ብርኪቶ ገበርናዮ። ድሕሪ መጥቃዕቲ ሰኸይቲ'ውን ሓንቲ መጥባሕቲ ኣሃዱ ኣብ ቱራት ገይርና ሓኪይም ካብ ብርኪቶ እናተቐያየርና ንሰዱ ነርና።

ቀዳማይ ፈተነ መጥቃዕቲ ደቀምሓረ ከይሰለጠ ምስ ተረፈ፥ ናይ መጥባሕቲ ሕክምና ሓኪይም (war surgeons) ምቅይያር ተገብረ። መደበይ ኣብ ክፍለ ሰራዊት 52 ምዃኑ ስለ ዝተነገረኒ ናብ ማዕረባ ከድኩ። እንተኾነ ኣብቲ እዋን'ቲ ግንባር ደቀምሓረ ንምፍራስ ዳግማይ ምቅርራብ ይግበር ስለ ዝነበረ፥ ብወገና "ኣብ ዘዘይናሕፍዮ ኣሃዱ ኴንና እንተሰራሕና ይሓይሽ" ዝብል ርእይቶ ስለ ዝነበረና፥ ናብ ዝነበርናዮ ቦታ ክንምለስ ተፈቒዱልና። ጉዕዞ ዕጥቃዊ ቓልሲ ንናጽነት ክዛዘም ከሎ ኸኣ ምስ ክፍለ ሰራዊት 70 ኣስመራ ኣተኹ።

ንኸተማ ኣስመራ ድሕሪ 17 ዓመት ምስ ናጽነት ተመለስኩዋ። ከም ኩሉ ተጋዳላይ ኣስመራ ክንኣቱ ከለና ዝተሰምዓኒ ሓጎስ ልዑል ነበረ። ማዕረ ማዕረኡ ብስድራቤታዊ ሕቶታት ክሓሰብ ጀመርኩ። ሓጎሰይ፡ ብዙሓ ጸላኢ ካብ መላእ ሃገር ተጸሪጉ ናጽነትና ምጭባጥና እዩ። እቲ ሽዑ ኣብ ኣእምሮይ ዝተደርደሩ ሕቶታት ድማ ንህላወን ኩነታትን ናይቶም ዘዕበዩኒ ስድራይን ናይቶም ዘምሃሩኒ ሰብ ግዙፍ ሰናይ ውልቀን ስድራቤታትን ነበረ። ቀዳማይ ኹሉ ብዛዕባ "ኣስቴር" ከጣይቐ ባህርያዊ ነበረ። ህላወ ኣስቴር ናይ ቀደም 17 ዓመት (ሕጽይተይ) ንምፍላጥ ተረቢጸኩ።

ትኽ ኢለ ናብ ገዛ ኣደይ ንብየት (ኣደ ኣስቴር) ኣምራሕኩ። ኣደይ ንብየት ምስ ጓላ (ሓብቲ ኣስቴር) እየን ጸኒሐናኒ። ኣፈወርቂ ምዃነይ ምስ ነበሰይ ምስ ኣላለኹወን ልክዕ ከም ኣባል ስድራቤት ምውዒቕ ኣቀባቢላ ገበራለይ። ግን ኑተን ስድራ ኣብ ገጾተን ስክፍታ የንብብ ነርኩ። እቲ ኹሉ ከዕልል፥ እታ ቀንዲ ኣባል ስድራ ክኾነል ዝነበረትኒ ኣስቴር'ኳ እንተኾነት፥ ስማ ግን ብኣይ ኮነ ብወገን ይልዓል ኣይነበረን። ንዝርርቡይ ጸይረ ብዛዕባ ኻልእ ወረ ክሰምዕ ዓቒሊ ስለ ዝሓጸረኒ ኸኦ፥ "ስላሰከ?" ኢለ ብዛዕባ ኣስቴር ሕቶይ ደርጓሕኩለን።

"ስላ... ስ (ኣስቴር ማለት'ዩ) ስዑድያ ኣላ፣ ተመርዕያ ኣደ ሰለስተ ውሉዳት ኮይና" ዝብል፡ ስሕበ ብዘለለ ቓና መልሲ ተዋህበኒ። ቅሬታ ኣይነበረንን፥ ምኽንያቱ ምስ መሳርሕተይ ተጋዳሊት ኤልሳ ገብረረቢ ኣብ ብርኪቶ ከለና ዝጀመርናዮ ምቅርራብ ናብ ወጥዓዊ ዝምድና ኣማዕቢልናዮ ስለ ዝነበርና። ኣስቴር ትኣኽል ምልክዕትን ቀንጃን ከይተመርዓወት ን17 ዓመታት ክትጸበየኒ'ውን ትጽቢት ኣይነበረንን።

"ጽቡቕ፡ እንቋዕ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ሃሊያ ደቃ ክትሓቁፍ በቒዓት" ኢለ መለስኩ። ኣደይ ንብየት ምስ ጓላ ቃሊዩ ምስ ሰምዓ ፍኹስ በላኒ። "እወ ኣይተፍኣናን! ብድሕረኻ ክንደይ ሾጎር ኣሕሊፋ፣ መጊዲ ሰደት'ውን ከም ኡ ክንደይ መዓት፡ ... " ኢላ ዛንታ ኣስቴር ዘርዘረት ኣደይ ንብየት።

ኣስቴር፡ ብሰንከይ ኣብ ኣስመራ ብጸላኢ ክትሃድን ምስ ጀመረት፡ ናብ ሱዳን ዘየዱ ሰበት ረኺባ ብኣዋግል ሱዳን ኣትያ። ካብኡ'ውን ንስዑድያ ቀጺላ፡ ኣብ ስዑድያ ኣብ ኤምባሲ ኣመራጋ ተቖጺራ ንነዊሕ ዓመታት ሰሪሓ። ኣብ መንገዲ ስደት ግን ካብ ኣስገርቲ ብዙሕ ሾጎር ከም ዘጓነፋ ኣዕሊላትኒ።

ኣደይ ንብየት ሰይተበይ ተሰፋይ ኣነ ኣብ ምግዳል ከለኹ፥ ኣፈወርቂ ዝበሃል ሓኪም በዚ ዓላ ኣሎ ምስ ሰምዓ ንዓይ ክትደሊ ፈቓዶ በርኻ ከላል ኢላ፥ ኣብቲ ዝተሓበራ ቦታ ንሓደ ኣፈወርቂ ዝበሃል ካልእ ተጋዳላይ ሓኪም ረኺባ ተመሊሳ፥ ነቲ ክዓውንትይን ዲፕሎማይን ኣብ ጎማ ገይራ ኣብ ትሕቲ መሬት ን17 ዓመታት ቀቢራቶ ጸኒሓትኒ። ባህጊ ኣደይ ንብየት ምስ ኣስቴር ጓላ ተመርዒና ውላድና ክትሓቁፍ ልዑል ባህጊ ነይሩዋ። ግን ኣይሰመረላን፥ ብሰንኪ ገድልን ሰደትን ፋሕፋሕ ኢልና። ግን ድሕሪ ናጽነት'ውን ካብቲ ገዛ ኣይረሓቕኩን።

ኣደይ ንብየት ብሕማም ኣይተሳቐየትን፥ ክትዓርፍ ከላ ደቃ ኣኽቢባትኣ ነይራ። ንደቃ ተላብዮ 'ሞት ጻድቕ' ዓሪፋ። ኣነ'ውን "ደሓን ኩኒ ንብየተይ" ብምባል 2016 ዓ/ም ኣፋኒየያ። ድሕሪ ኣደይ ንብየት ግን ርክበይ ምሽቲ ገዛ ተቛሪጹ።

ድሕሪ ኩነታት ኣስቴር ምጥላለይ ናብ እንዳ ኣቶ ገብረስላሰ ኣምራሕኩ። ወዮ ድኣ ኣብ ኣስቴር ዝበረኒ ፍቕርን ውዕለታን ሕሉፍ ኮይኑ ኣቕዲመን ኣእጋረይ ናብ ገዛኦም ኣምሪሐንዎ ምበር፡ ኣብ ኣስመራ ካብ እንዳ ኣቶ ገብረስላሰ ኪዳ ዝዋኢ ወለዲ ኣይነበረንን። ምኽንያቱ ኣብቲ ካብ 10ይ ክፍሊ ጀሚረ ክሳብ ብርሰ ዝምረቕ ንኽምሃር ካብ መፍብሮይ ጀሚርካ ክሳብ መምሃርያይ ዝድሩግን ዘምሃሩንን እዮም ገዚዞም ነበሩ።

ኣቶ ገብረስላሰ ምኽንያቱ ደኣ ኣይፈለጥኩን'ምበር ምስ ወዲ ሓምም ብመኪና እናተንቀሳቐሱ ከለዉ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ተኩሶም ኣብ ኣስመራ ከም ዝቖተሉዎም ደሮ ኣብ ሜዳ ከለኹ ሰሚዐ ነይረ። ስለዚ ኣብ ሓሳበይ ንሶም ክጸንሑኒ ኣይተኻን ዝበረ ትጽቢተይ። ኸኸኑታት ወይዘሮ ልያን ደቆምን ንምርኣይ እየ ንገዛኦም ዝኸድኩ፥ ንወይዘሮ ልያ ኸኣ ምስ ገለ ደቃን ረኺበዮም። ገዛ እንዳ ኣቶ ገብረስላሰ ዝሕልሕል ኣሉ ጸኒሓሙኒ። እቲ



ዶ.ር ኣፈወርቂ በርሀ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ሲስተር ኤልሳ ገ.ረቢ

ተበለዕ ዘይውዳእ ዝመስል ዝበረ ሃብትን ኣብ ገጽታ ስድራ ዝረአ ዝበረ ሕገስ መንፈስን ጉዳሉ ጸኒሐኒ። ጠንቂ ብርሰት ሃብቲ ናይቲ ገዛ ድማ፥ ብቐንዱ ኣቶ ገብረስላሰ ብህይወት ዘይምህላዎም'ኳ እንተኾነ፥ ኣብ እንዳ ወርቂ መሻርኽቲ ኣቶ ገብረስላሰ'ውን ከም ዝጠለሞም ካብቲ ገዛ ወረ ሰሚዐኩ። ግን እንዳ ኣቶ ገብረስላሰ ብዙሕ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ሃብቲ ዝወነኑ እዮም። ንኣብነት ኣብ ማእከል ከተማ ኣስመራ ከበቢ ታት ማስበደን ሜዳ ኤርትራን ብዙሕ ናይ መንበርን ናይ ትካልን ህንጻታት ይውንኑ ነበሩ። ኣብ ፊት ሆቴል ቦለኛ ዘሎ ቪላ'ውን ንብረቶም ነበረ። ምቕማጦም ከኣ ኣብ ዕዳጋ ሓመስ ነይሩ። ወይዘሮ ልያ፡ ሕጂ'ኳ ደቃን እንተዘይብለይ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣዲስኣበባ ይቕመጣ ከም ዝበራ ግን ፈሊጠ ነይረ።

10ይ ክፍሊ ንምድማር ኣብ ኣስመራ መዕቆቢን መማሃሪ ገጸዘበን ሰኢነ ኣብ ዝተጨነቕኩሉ ግዜ፡ ከም ሓውን ኣጦ ኮይኑ ሓላፍነት ክስከም መብጽዓ ብምእታው፡ ክሳብ ምስ እንዳ ኣቶ ገብረስላሰ ዘዛጋጠሙኒ ግዜ ምስኡ ዝሓቖፈኒ መማህር ተስፋይ ምኻኖ'ውን ካብ ሜዳ ምስ ተመለስኩ ዳግም ተራኺብና ነይርና። ወላ'ኳ ኣብ ኣዲስኣበባ ይነብር እንተ ነበረ ገጽ ንገጽ ክንራኸብ በቒዕና ኢና። ኣብ 2017 ኣብሉ ኸኣ ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።

ኣቦይን ሰለስተ ኣሕዋተይን ብህይወት ኣይጸንሑንን። ኣደይ ንበይና፡ "ናፍራ" ኣብ ዝተባህለ ዓዲ (ትግራይ) ጸኒሓትኒ። ጥራሕ የለ ንበረት፡ ብድኽነት ተበሊዓ በይና ተጨቢጣ ጸንሓትኒ። ድሕሪ ናጽነት፡ ምስ ኤልሳ ገብረረቢ ተመርዒና ፈልሞና ኣውላ፡ ሳሮን ዝበሃሉ ሰለስተ ደቂ ወሊድና።

ኣብ 1997 ብሕክምና ቀዳማይ ዲግሪ፡ ኣብ 2001-2002 ኣብ ሃገረ ኢጣሊ ሮማ ብማስትረይት ዲግሪ፡ ብ1994 ኣብ ሃገረ ኬንያ ብ community based public health ኣድቫንስድ ዲፕሎማ ተመረቕኩ። ካብ 2004 ክሳዕ 2011 ከኣ ከም ሓላፊ ጥዕና ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣገልጊለ። ድሕሪኡ፡ ምምሕዳርን ፋይናንስን ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ።


ኣፈወርቂ በርሀ ምስ ብዓልቲቤቱ ኤልሳ ገብረረቢ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረእምላኽ-ሳምራዊት መለስ

KMSC
KERKEBET MINING SHARE COMPANY
Add: St. 1A-174 House No.41 THETERAT Asmara, Eritrea.
P.O.BOX 9258 Tel:00291-112600 or 00291-120829

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Kerkebet Mining Share Company is inviting qualified and competitive applicants for the following positions:

**1. Position: Heavy Equipment Maintenance Technician**
**Number required: one (1)**
**Place of Work: Asmara/Kerkebet**
**Type of Contract: Definite period of one year**
**Salary: As per the company salary Scale**

**Primary Purpose:**
Mechanical Maintenance, Mechatronics, Engineering Machinery, Automotive Repair, Mining Machinery, Electrical Automation, or related majors preferred.

**Main Function:**

- Expertise in Mechanical Systems: Deep understanding and proven repair capabilities for engines, transmission systems (gearboxes, drive axles), hydraulic systems, braking systems, steering systems, and undercarriage/wheel systems (tracks/tires).
- Electrical Knowledge: Proficient in reading basic electrical schematics and troubleshooting common electrical faults (starting, charging, lighting, sensors, etc.).
- Advanced Troubleshooting: Ability to use logical reasoning and diagnostic tools to quickly and accurately pinpoint equipment failures.
- Strong Hands-On Skills: Proficient in using various hand tools, power tools, and specialized maintenance equipment (e.g., jacks, lifting gear, hydraulic torque wrenches, pneumatic tools). Basic welding (arc welding, gas welding) and cutting skills preferred.
- Proficiency with Diagnostic Tools: Skilled in using testing instruments such as multimeters, hydraulic testers, engine diagnostic scanners, etc.

**Technical skills:**

- Strong Safety Awareness & Responsibility: Deep understanding of mining operational hazards. Strict adherence to safety protocols and commitment to work quality.
- Physically Resilient & Adaptable: Capable of working in potentially challenging mining environments (may involve noise, dust, outdoor conditions, shift rotations, remote locations). Requires good physical fitness and stamina.
- Quick Learner: Ability and willingness to continuously learn about new technologies and equipment.
- Team Player & Good Communicator: Excellent collaboration and communication English skills to work effectively with operators, fellow maintenance personnel, and management.

**Requirements:**

- Technical secondary school, vocational school, or high school diploma and above.• Possession of valid Special Operations Certificates (e.g., Electrician Operation Certificate, Welding & Hot Work Operation Certificate, as required for the specific role) preferred.
- Minimum 3 years of hands-on maintenance experience with engineering machinery, heavy-duty vehicles, or mining equipment.
- Experience maintaining equipment in large open-pit mines highly preferred.
- Familiarity with the structure, operating principles, and maintenance requirements of common mining equipment brands (e.g., Caterpillar, XCMG, SANY) highly preferred.

**2. Position: Construction Supervisor**
**Number required: one (1)**
**Place of Work: Asmara/Kerkebet**
**Type of Contract: Definite period of one year**
**Salary: As per the company salary Scale**

**Primary Purpose:**
Responsible for the construction and management of basic civil engineering works for exploration or mining laboratories, sample storage, warehouse facilities, as well as the installation, maintenance, and support of electrical wiring and plumbing systems in camp facilities.

**Main Function:**

- Civil Engineering, Electrical Engineering, Plumbing Engineering, Mechanical Engineering, Building Services Engineering, Facilities Management, or related fields preferred.
- Familiar with basic civil construction procedures, materials, and standards.
- Capable of overseeing or executing minor civil modifications (e.g., foundations, flooring, walls) for laboratories/warehouses.
- Knowledgeable about specialized requirements for sample storage (e.g., environmental controls, racking systems, safety compliance).
- Experienced in warehouse layout planning, facility setup, or retrofitting.
- Proficient in low-voltage electrical wiring installation, routing, and maintenance.
- Familiar with common electrical components, distribution boards/panels, and lighting systems.
- Skilled in circuit troubleshooting, fault resolution, and safe operations (valid electrician’s license required).
- Proficient in installing, connecting, and maintaining plumbing systems (e.g., water supply, drainage, compressed air).
- Knowledgeable in pipe/fitting selection, valve applications, and leak detection/repair.

**Technical skills:**

- Able to perform routine inspections, preventive maintenance, and emergency repairs for electrical/plumbing systems.
- Capable of managing construction sites, coordinating resources, and ensuring quality/timeline compliance.
- Strong hands-on skills: Able to independently execute or guide installation/repair tasks.
- Problem-solving: Quickly diagnose facility failures and implement effective solutions.
- Safety awareness: Strictly adhere to safety protocols (especially electrical/construction safety); strong safety mindset.
- Blueprint literacy: Interpret basic architectural, electrical, and plumbing drawings/schematics.
- Communication & coordination: Collaborate effectively with lab personnel, warehouse staff, camp teams, and cross-functional departments.
- Strong sense of responsibility: Meticulous, resilient under pressure, committed to facility uptime.

**Requirements:**

- Technical secondary school, vocational school, or high school diploma and above.
- Experience in facility construction/maintenance for laboratories or similarly demanding environments (e.g., cleanrooms, pharmaceutical warehouses).
- Experience in constructing, maintaining, or managing field/ temporary camp facilities.
- Dual proficiency in electrical and plumbing systems.
- Basic knowledge of automation control or BMS (Building Management Systems).
- Able to work on-site and perform physical tasks (e.g., material handling, working at heights).

**3. Position: Senior Exploration Geologist**
**Number required: Three (3)**
**Place of Work: Asmara/Kerkebet**
**Type of Contract: Definite period of one year**
**Salary: As per the company salary Scale**

**Primary Purpose:**
To comprehensively oversee the integrated study of geological data for the Shukula, Satta, and Locotat regions; lead soil/rock anomaly verification programs; design and supervise the implementation of trenching and drilling plans.

**Main Function:**

- Expertise in geological mapping, interpretation of geochemical/ geophysical data, and regional metallogenic modelling.
- Proficient in GIS (Mapinfo/ArcGIS/QGIS/Mapgis), geological modeling software (Leapfrog, Surpac, etc.), and statistical analysis tools.
- Ability to conduct rapid on-site assessment of soil/rock anomalies and design scientific verification workflows.

*Continued on page 7*

ምልክታ
ፍጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Continued from page 6

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Kerkebet Mining Share Company is inviting qualified and competitive applicants for the following positions:

- Independently design trenching/drilling grids (including sampling protocols) to optimize cost and efficiency.
- Full-cycle supervision of trench excavation, drill core logging, and sampling quality control.
- Identify critical geological phenomena and adjust exploration strategies in real-time.

**Technical skills:**

- Technical Leadership: Ability to coordinate cross-functional teams (geology, geophysics, drilling, etc.) and define technical standards.
- Reporting: Prepare phase exploration reports compliant with Chinese/JORC/NI 43-101 standards.
- Problem-Solving: Innovate solutions for complex geological challenges (e.g., thick overburden, structural fracture zones).
- Adaptability to long-term fieldwork (rotational shifts in remote areas) and excellent physical stamina.
- Strong safety awareness with familiarity of HSE management systems in exploration operations.

**Requirements:**

- Education: Bachelor’s degree or higher in Geology, Mineral Exploration, or a related field (Ph.D. preferred).
  - 5+ years in solid mineral exploration (experience with gold, copper, or polymetallic deposits preferred).
  - Ph.D. holders require 1+ year of solid mineral exploration experience.
  - Proven experience in independently managing exploration projects.
- Language: Fluent English (proficiency in handling international technical reports essential). And preferable with if they can speak Chinese
- Proven leadership in end-to-end projects from target verification to resource estimation.
- Hands-on 3D geological modelling experience.

**4. Position: Laboratory Equipment Technical Specialist**
**Number required: Two (2)**
**Place of Work: Asmara/Kerkebet**
**Type of Contract: Definite period of one year**
**Salary: As per the company salary Scale**

**Primary Purpose:**

Lead calibration, performance verification, and compliance management of laboratory instruments (including precision analytical equipment).

**Main Function:**

- Oversee installation, commissioning, acceptance testing, and technical documentation preparation for newly procured lab equipment.
- Develop and implement scheduled maintenance/preventive upkeep plans to ensure continuous operational stability.
- Perform physical/chemical and biochemical testing of company samples according to SOPs, with accurate data recording.
- Independently resolve abnormal data discrepancies, prepare test reports, and ensure full traceability of results.
- Monitor laboratory environmental parameters (temperature, humidity, cleanliness, etc.) and maintain infrastructure (ventilation, electrical, gas supply systems).
- Strictly enforce safety protocols, including hazardous chemical management and

  waste disposal procedures.

**Requirements:**

- Education: Bachelor’s degree or higher in Chemical Analysis, Biotechnology, Instrumentation Science, Mechatronics, or related STEM fields.
- 2+ years in lab equipment management or testing analysis (fresh graduates require key laboratory internship experience).
- Proficient operation, maintenance, and troubleshooting of ≥3 instrument types (e.g., GC/HPLC, spectrometers, centrifuges).
- Metrology/calibration qualifications (experience with CMA/CNAS certification systems preferred).
- Advanced proficiency in equipment management software (e.g., LIMS) and data analysis tools (Excel/Minitab).
- Certificates such as Electrician License or Pressure Vessel Operation License are advantageous.
- Expertise in mechanical/electrical principles of equipment, with ability to independently perform complex instrument disassembly/repairs.
- Thorough knowledge of lab quality management systems (e.g., ISO 17025, GMP).
- Rigorous data analysis skills and professional report-writing capability.
- High accountability (availability for emergency troubleshooting outside regular hours).
- Systems-thinking mindset with aptitude for optimizing equipment management workflows.
- Strong cross-departmental communication skills (coordinating with Procurement, R&D, and Production teams).
- Background in third-party testing laboratories or pharmaceutical companies.
- Participation in laboratory setup or equipment selection projects.
- Understanding of IoT applications in equipment monitoring.

**Additional requirement for nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview
- Application documents will not be returned to sender
- All applications should be sent through the post office
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

**Address: please mail your application to:**
**Kerkebet Mining Share Company,**
**P. O. BOX 9258**
**Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment Permits Affair**
   **P. O. BOX 7940**
   **Asmara, Eritrea**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. BOX 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዳግም ምርኣይ ኣስመራ

ዓብደልዋሰዕ ሓጅ መሓመድ፡ ተጸዋዒ ሳሚኤል መሓሪ ኣጽብሃ፡ ንዘቐረበልካ ክርክር ክትምልስ ኣዚዙና፡ ን25/11/25 ምስ ዘይትቐርብ ማሰርሕ ፍርዲ ኣብዘለኻሉ ክቕጽል'ዩ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ተኸሰስቲ 1. ኢሳቕ ኪዳነ ገብረምሓሪ 2. ተስፋይ ኪዳነ ምሓሪ 3. ሂሩት ሓጎስ ተኽለ 4. ኤደን ሓጎስ ተኽለ 5. ንግስቲ ጀገር ተስፋጊርጊሽ 6. ነፍ/ተስፋኣለም ጀገር ተስፋጊርግሽ፡ ቶማስ ተስፋኣለም ጀገር፡ ሰናን ተስፋኣለም ጀገር፡ 7. ዘውዲ ጀገር ተስፋ ጊርጊሽ፡ 8. ለምለም ጀገር ተስፋጊርግሽ፡ 9. ኣማኑኤል ጀገር ተስፋጊርግሽ፡ 10. ምሉጌታ ጀገር ተስፋጊርግሽ 11. ሓይልኣብ ጀገር ተስፋጊርግሽ 12. ነፍ/የሴፍ ተስፋጊርግሽ ሃብቱ፡ ሕርይቲ የሴፍ ተስፋጊርግሽ፡ ኣኽበረት የሴፍ ተስፋጊርግሽ፡ 13. ነፍ/ሪት ዛይድ ተስፋጊርግሽ ሃብቱ፡ ኢትባረኽ ቅዱስ ሃይሉ፡ መኣዛ ቅዱስ ሃይሉ፡ ረዘነ ቅዱስ ሃይሉ፡ ናጽነት ቅዱስ ሃይሉ፡ ሳባ ቅዱስ ሃይሉ፡ ጸጋ ቅዱስ ሃይሉ፡ ኣስቴር ቅዱስ ሃይሉ፡ 14. ነፍ/ ሪት ዘፋን ተስፋጊርግሽ ሃብቱ፡ 14.1 ነፍ/ ሪት ኢትዮጵያ ኪዳነ ተስፋጽዮን፡ ፍስሃ ምሕረትኣብ፡ ቴድሮስ ምሕረትኣብ፡ 14.2 ወይኒ ኪዳነ ተስፋጽዮን፡ 14.3 ነፍ/ሪት ኣበባ ኪዳነ ተስፋጽዮን፡ ኣብርሃት ዑቕባጊርግሽ ምሕረትኣብ፡ ቴድሮስ ምሕረትኣብ፡ 14.2 ወይኒ ኪዳነ ተስፋጽዮን፡ 14.3 ነፍ/ ሪት ኣበባ ኪዳነ ተስፋጽዮን፡ ኣብርሃት ዑቕባጊርግሽ ተወልደ ፍቓዱ ዑቕባጊርግስ ተወልደ፡ 14.4 ብርኽቲ ኪዳነ ተስፋጽዮን፡ 14.5 ብርሃነ ኪዳነ ተስፋጽዮን፡ 14.6 ምሕረት ኪዳነ ተስፋጽዮን፡ ኣኽበረት ኪዳነ ተስፋጽዮን፡ 15. ነፍ/ሪት ለተሃይማኖት ተስፋጊርግሽ ሃብቱ፡ 15.1 ነፍ/ሪት ለተጽዮን ገብረማርያም እሴት፡ ነፍ/ተፈሪ ተኽለ ንጉሱ፡ ኣሕፈርም ተፈሪ ተኽሉ፡ 15.2 ወረ/ነፍ/ለተርፍኤል ሞኙ፡ መርሃዊ ኪዳኑ፡ ገብረዝጊ ኪዳኑ፡ ሳሚኤል ኪዳኑ፡ ተማሰገን ኪዳነ 15.3 ነፍ/ኢያኑብ ሞኙ፡ ኤፍሬም ኢያኑብ፡ የናስ ኢያኑብ፡ ኣስመሮም ኢያኑብ፡ ጸጋ ኢያኑብ፡ ፍቕርተ ኢያኑብ፡ ነፍ/ ሪት ኣድሓነት ኢያኑብ፡ የውሃንስ ቴድሮስ፡ በየሉል ቴድሮስ፣ ብሶሲ. ወረ/ነፍ/ቀሺ. ርእሶም ገብረማርያም እሴት፡ ማርቆስ ገብረማርያም ንምቅሊት ውርሲ. ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ጓና የሴፍ የማ፡ ተኸሳሲቲ ኣቶ ሃብቶም በረኸተኣብ ነማርያም፡ ወኪል ኣቶ ግርማይ ተኽለሃይማኖት፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ ቁ.32 መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ.

ከሳሲ. ዘውዱ ኣስፋሃ ኣብራሃ፡ ተኸሳሲት ኑቢያት ገብረየሱስ፡ ወኪል ኣክሊሉ መንግስቱ፡ ተኸሰስቲ 1. ብእምነት ስመረኣብ ኣስፋሃ 2. ፍዮሪ ስመረኣብ ኣስፋሃ 3. ብስራት ስመረኣብ ኣስፋሃ 4. ኣኽሱማዊት ስመረኣብ ኣስፋሃ 5. ክብሮም ስመረኣብ ኣስፋሃ 6. ፍናን ስመረኣብ ኣስፋሃ 7. ሰምሃር ስመረኣብ ኣስፋሃ 8. ኤፍሬም ስመረኣብ ኣስፋሃ 9. ናጽነት ስመረኣብ ኣስፋሃ 10. ትርሓስ ስመረኣብ ኣስፋሃ 11. ፍጹም ስመረኣብ ኣስፋሃ፡ ንጹር ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን21/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ወልዱ ተወልደመድህን ደስታን ለተኣምላኽ ፍስሓጽዮን ደብረጽዮን፡ ጓልና ምሕረት ወልዱ ተወልደመድህን ስለዝዋረፈት፡ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተዝጊ ጺጋይ ሃብተማርያም፡ ወለደይ ጺጋይ ሃብተማርያምን ለተኢያሱስ ፍረ በኺትን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ህያብ ኤርምያስ ዓንደማርያም፡ ቶማስ ኤርምያስ ዓንደማርያም፣ ኣቦና ኤርምያስ ዓንደማርያም ገብረማስቀል ስለዝዋረፈ፡ ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ የርዳኖስ ዳዊት ደባሱ ስም ኣደይ ንግስቲ ነጋሲ. ምባል ተረፋ፡ ሰንበቱ ፍትዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተወልደብርሃን መሓሪ ግርማይ ምባል ተሪፉ፡ የኢል ተወልደብርሃን መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ዘማዝም በላይ ተፈራ፡ ሓፍተይ ንግስቲ በላይ ተፈራ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትርሓስ ንጉሰ ተወልደ ምባል ተሪፉ፡ሰምሃር ንጉሰ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሄለን ንጉሰ ተወልደ ምባል ተሪፉ፡ ልዋም ንጉሰ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ተስፋማርያም መንግስትኣብ ገ/እየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ገነት ኣድሓኖም ዑቕባዝጊ. ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቃ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሓጀር ሓጎስ ተወልደ፡ ተኸሳሲ. ኣመናይ ሓደሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ልእልቲ ወልደገብርኤል ብርሃኑ፡ ተጸዋዒ ብርሃነ ኣድሓኖም የዕበዮ፡ ናይ ወቅልና ምዝራዝ ስለ ዘለካ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሳሚኤል ብርሃነ ምባል ተሪፉ፡ መትከል ብርሃነ ጎይትኦም፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዜብ ገብረሚካኤል ገብረማስቀል፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት ሓይልኣብ ተላ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ፋጥና ማሕሙድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና መሓመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣስመረት ተኽለ ብርሃኑ፡ ናይ ዓያዩ ለተብርሃን መድሃኔ ሳህሉ፡ ኣብ ክንዲ ነ/ፍ ኣቦይ ተኽለ ብርሃነ ማከተ፡ ምስ 2 ኣሕዋተይ ከም'ኡ'ውን ሓወቦይ ኣቶ ወልደገርግሽ ብርሃነ ማከተ ምስ ኣሞይ ወ/ሮ ዘመድ ብርሃነ ማከተ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣመይማ ዘኮርያስ ማንታይ ምባል ተሪፉ፡ ኣመይማ ዘኮርያስ ማንታይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተኽኣ ክንፈ ጉልበት፡ ብዓል ቤተይ ዓንደማስቀል ገብረሚካኤል ሰባሆ፡ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ ሰርያ ናቱ፡ ኣደይ ሾማ ፋይድ ኣለንገይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ በይነይ ወረሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



### ምስጋና

ብመስዋእቲ ኣዚና እነፍቅሮ ክቡር ብ/ቤተይ ጉዳም ተጋ/ዳዊት ፍስሃጽ ኣዲግ (ወዲ ፖሊስ) ዝተሰምዓና ኣዝዩ መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስኩም ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ፈተውቱ፡ ካህናት፡ ቤተሰብ፣ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንገጽ።

ብ/ቤቱ ለተሰላሰ ሃይሉ፡ ደቁ፡ ዓይኒ፡ ሮራ፡ ጃንት፡ ዓወት፡ ተማሰገን መላእ ኣሕዋቱን ቤተሰቡን



### ምስጋና

ብመስዋእቲ ዘፍቅሮን ዘኽብሮን ብዓል ቤተይ ጉዳም ተጋዳላይ ሕሩይ ገብረሚካኤል፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ገዛ ብምምልላስ፡ ቴሌፎን ብምድዋል፡ ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋናና ብምቕራብ ሓዘንና ከም ዝዋጸና ብኣኽብሮት ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰላማዊት ኣብርሃም ምስ መላኣ ውሉዳትናን ቤተሰብናን



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ብልቢ. ነፍቅሮ ክቡር ሓውና ኣቶ ብርሃነ ምስየና ነጋሲ፡ ዝተሰምዓና ኣዝዩ መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምናን ምስ ዓረፈ. ድማ ሬሳ ኣብ ምፍናውን ኣብ ምቕባልን ክሳብ ደቀምሓረ ደምባዛን ምሳና ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስኩም ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገጽ።

ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ፕሎት 15 ፓርሰል A ቁ.ፓርሰል ኦን ASP00011248 ዚፕ ኮድ 1A755 ጎደና እምባረሚ ዝርከብ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለይ ቁ.ንበረት 1/008587 ብስም ኣቦና ነ/ሄር ኣርኣያ ኣብርሃ ገብረመድህን ዝተመዝገበ ብውርሲ. ዝረኸብናዮ ገዛ፡ ናብ ስምና ከነመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ. ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ ሰይፉ ኣርኣያ ኣብርሃ

ኣቶ ሳህለስላሴ ኣርኣያ ኣብርሃ

ኣነ በላይነሽ ክፍለ ተወልደ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ቲራቮሎ ምም/ከባቢ. ዊና ጉደና እምባ ሳይም ቁጽሪ ገዛ 28 ፕሎት 75 ዚፕ 1A745ፓርሰል AR ዝርከብ፡ ብመለለይ ንብረት ASD00030548 (ናይ ቀደም መለለይ ንብረት 43446/60784) ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸልና ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛና ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ዓደግቲ ከነመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ. ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

በላይነሽ ክፍለ ተወልደ

# ካብ ዘባታት

## ዓንሰባ ካብ ሰናይ ክራማት ናብ ትስፋው ቀውዒ

ገርግስ ፍቓድ



ዝፈረየ ግምቦ መሽላ

ሎሚዝበን ኣብ ዞባ ዓንሰባ ብደረጃ ዞባ ኩነታት ዝናብ፣ ካብቲ ትጸበ.ት ዝነበረሉ እዋን ወቅቲ ኣየት.ን ወርሒ ሰነ ደንጒዩ'ኳ እንተጀመረ ብፍላይ ካብ መፋርቕ ወርሒ ሓምለ ንደሓር ግን ምዕሩይ ዝርጋሐ ዝነበሮ ህጡር ክራማት'ዩ ቀጺሉ። ኣጕዳሰት ዝናብ ክራማት ኣብ መፅብሮ ህዝብናን ቁጠባ ሃገርናን ብቐጻምነት ዝጥቀስ ረጃሒ እዩ። ዝናብ ክራማት ሃገርና ምስቲ በብእዋኑ ዝኸሰት ዘሎ ዓለማዊ ምልውዋጥ ክሊማ፣ ምምጻእ በረድ ሰሜናውን ደቡባውን ዋልታታት ዓለም፣ ወቅያኖሳዊ ህቦብላዊ ንፋሳት፣ ምኽሳት ኤልኒኖን ላልኒኛ፣ ወቕትን ዝርጋሐን ዝናብ ክራማት ዝተዛበወን ኣሉታዊ እናኾነ ይኸይድ ከምዘሎ ብስነፍልጠታዊ ጭብጥታት ዝተሰነየ ሓበሬታታት ሜትሮሎጂ የረድእ። በዚ መሰረት ኣብ ገለ ዞባታት ዓለም ማጠቃ ዝሓለፈ ዕልቕልቕ ክፈጥር ከሎ ኣብ ገሊኡ ከኣ ዘስካሕክሕ ደርቂ ይኽሰት ከምዘሎ ቀጺሊ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን እንክትታተሎ ዘሎና ፍጻመታት የረጋግጹ።



ሓረስታይ ጃብር ሓምድ ነበራይ

እቲ ጸሓን ልሙድን ክራማት ዝጠዝዐ ቦታታት ሃገርና (ብዘይካ ናይ ባሕሪ)፣ ናይ መጋቢት ሚያዝያ ዝናብ ኣዝመራ ሓፂሩ ከም ኩነታቱ እናቐደመ እናደሓረን ካብ መፋርቕ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ክሳብ መፋርቕ ወርሒ መስከረም ዝጸንሕ ክኸውን ከሎ፣ እቲ ዕሙር ክረምቲ ዝበሃል ግን ንሰለስተ ኣዋርሕ ሰኔ፣ ሓምለን ነሓሰን ዝዘንብ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዕቑድ ዝበረ ኩነታት ዝናብ እንተኣጸጺርና ብማጠን ዝናቡ ይኹን ዝርጋሐኡ ምዕሩይን ዝኣድን ኣይነበረን። ብደረጃ ሃገርና ጥራሕ ዘይኮነ ብደረጃ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ'ውን ነጸላ ገለ ቦታታት ደሓን፣ ገሊኡ ማእከላይ፣ ገሊኡ ከኣ ብደርቂ ዝጥቃዕ ኮይኑ ክሓልፍ ጸኒሑ። ኣብ ገለገለ ከባቢታት ከኣ ንሕርሻዊ ንጥፈታት ጥራሕ ዘይኮነ ንሰብን ጥሪትን ዝኸውን ማይ ኣብ ምርካብ ዘጸገመ'ውን ነይሩ። ምኽንያቱ ብደረጃ ዓለም ምንጪ ኩሉ ዝኾነ ማይን ሕርሻዊ ልምዓትን ኣብ ኩነታት ዝናብ ክረምቲ'ዩ ዝምርኮሶ። እኹል ዝናብ ክራማት እንተዘይሃልዩ ኣፍላጋትን ወሓይዝን ስለዘይውሕዙ ሓጽብታትን ዲጋታትን ብዘይ ማይ ይተርፉ፣ ምንጪ ማይ ዒላታት'ውን ይደርቕ።

ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ጨ/ዞ/ዓንሰባ ከም ዘረድኦ እቲ ክጥቀስ ዝከኣል ክራማት ሎሚዝበን (2025)፣ ዝናብ ኣዝመራ ካብ ዕለት 14 መጋቢት'ኳ እንተጀመረ ኣዝዩ ውሑድን ምዕሩይ ዝርጋሐ ዘይብሉን እዩ። እቲ ብዕለት 16 ሰነ ዝጀማመረ ክራማት'ውን ከም ኣጀማምራኡ ብደረጃ ዞባ ማጠኑን ዝርጋሐኡን ኣዝዩ ሰሒው ኣብ ርእሲ ምንባሩ ቀጻልነት'ውን ኣይነበሮን። ብፍላይ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዒላበርዕድን ኣሰማጥን ኣብ ወርሒ ሰነ ፈጺሙ ማይ ጥብ ከይበለ እዩ ሓሊፉ። ስለዚ በቲ ንብር ናይ ዘርኢ ወቕቲ ኣብ ቅንያት 15 – 20 ሰነ ክሕረስን ክዝራእን ዝግብኦ ኣብ ሙብዛሕትኡ ከባቢታት ልዕሊ ክልተ ሰሙን ደንጕዩ ተዘሪኡ። እዚ ዘይልሙድ ምድንጓይ'ዚ ከኣ ኣብ እዋኑ ንሓረስቶት ዘሻቐለን ኣብ ምጥርጣር ዘእተውን ነይሩ። ብክኢላታት ሕርሻ ዝወጸም ዝበረ ትንበያ ሜትሮሎጂ ግን፣ ዋላ ድሒሩ'ኳ እንተኾነ ዝናብ ክራማት ኀና ምህላዉ ተሰኒዑ ነይሩዎም። ኣብ ገለገለ ወሰኑን ከባቢታት በዞን 1- 2 መዓልቲ ዝዘነበ ዝናብ ወርሒ ሰነ ተተባይም ዝዘርእዎ ከም ብልቱግ ዝኣመሰለ ኣዝርእቲ ገሊኡ ብጨራሩን ጻጸን ተበሊዑ ገሊኡ ከኣ ክበቑል ጀሚሩ ስለዝሓረረ ዳግማይ እዩም ዘሪኦም። ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ኣብ ወርሒ ሰነ ዝዘነበ ዝናብ ካብ 4 መዓልቲ ዝሓልፍ ኣይነበረን።

ከምቲ ዝተባህለን ዝተገመተን ትጽቢት ከኣ ድሒሩ ካብ መፋርቕ ወርሒ ሓምለ ጀሚሩ ክሳብ መፋርቕ ወርሒ መስከረም ብደረጃ ዞባ ምዕሩይ ዝርጋሐን ቀጻልነትን ዝበሮ፣ ኣዕጋብን እኹልን ዝናብ ስለዝዘነበ ኩሉ ሰክፍታታት ቀንጢጡ ንሓረስቶት ዘተባብዕን ዘኹሓሰን እዩ ኮይኑ። ኣብ ገለ ገለ ዕለታት'ውን ኣብ ውሸጢ ሓንቲ መዓልቲ ክልተ ሰለስተ እዋናት፣ ወይ'ውን ንዘዋሕ ሰዓታት ጀሊም እናበለ ብምዝናብ ንሕርሻን ንምስሳን ሳዕሪ መሮርን ኣግራብን ዘተባብዕ ኩነታት እዩ ተራእዩ። ሙብዛሕትኦም ናይ ዕድመ ሰብጸጋ ወለዲ ዋላ'ኳ እቲ ናይ ክራማት ወቕቲ ንድሕሪት እንተተመጠነ እንተቐየረ፣ እቲ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ዝተራእየ ዝናብ ህጡር ክራማት፣ ናይ እዋን ንእሰኡዮም "ቅድሚ 50 – 60 ዓመታት ንዝበረ ክራማት ሰናይ ዘጠን ዘዘኻኽር እዩ" ብምባል ምስቲ ኣብ ሃገርና ዝርኣ ዘሎ ተሰኡ ብሩህ መጻእን ልምዓታዊ መደባትን ብምዝጻር ብኣድናቖት ገሊጾሞ። በዚ መሰረት ሎሚዝበን ዝተወሰነ ቦታታት ጉዲፍካ ዳርጋ ብደረጃ ዞባ ጸቡቕ ዝርጋሐ ዝበሮ ንብርን ልዕሊ ንብርን ዝናብ እዩ ዘበ። ሩባታት ጠሊ ገሳይ፣ ጸፍሓውን ትሕተ-ባይታውን ምንጮታት ዒላታት ዝሰተ ማይ ተዋሒሱ፣ ሓጽብታትን ዲጋታትን'ውን መሊኦም።

ካብ ናይ ዓምና ቅድሚዓምን ብዝተፈልየ፣ ሎሚዝበን ኣብ ኩሉን ንኡሳን ዞባታት ናይቲ ዞባ፣ ካብ 2- 23 መዓልታት ልዕሊ ንብር ዓቐን ዝናብ ካብ 30 ሚ/ሚ ንላዕሊ ከም ዝዘነበ ተመዝጊቡ ኣሎ። ኣብ ደቀምሓረ ንኡስ ዞባ ዓድኽላሉዝን ብዕለት 21 መስከረም ዝዘነበ ናይ 80 ሚ/ሚ ዓቐን ዝበሮ ዝናብ ከኣ፣ ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ እቲ ዝለዓለን ከም ኣብነት ዝጥቀስን እዩ። ብሰንኪ'ዚ ልዕሊ ንብር ዝናብ ብሓፈሻኡ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰብ፣ ንብረትን ጥሪትን ብፍላይ ከኣ ኣብ ዘራእቲ ግርህን ጀራዲንን፣ ብድምር ኣብ ኣስታት 800 ሄክታር ለሚዕ ኣብ ዝበረ ፍረታት፣ ኣሕምልቲ፣ ጥረታትን ኣእካልን ከበድን ማጠናውን ጉድኣት ኣውሪዱ እዩ።

ዞባ ዓንሰባ ዝተፈላለየ ክሊማዊ ኣቃውማ ከበሶ፣ ወይኑደጋን ቆላን ስለዘለዎ ዳርጋ ሙብዝሕቱ ኣብ ኩሉ ዞባታት ሃገርና ዝዝራእ ኣእካል፣ ጥረታትን ኣዝርእቲ ቅብኣን ይዝራእ። በዚ መሰረት ኣብ ጸብጻብ ጨ/ሚ/ሕርሻ ዞባ ዓንሰባ ብሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ዘራእቲ ኣቶ ተስፋብርሃን ሓጎስ ከምዝተገልጸ ኣብ ናይ ሎሚዝበን ሕርሻ፣ ኣብ ግራውቲ ተዘሪኡ፣ በቐሉ ንምህርቲ ትስፉው ዘሎ፣ 46,263 ሄ/ር (80 %) ብሱል እኽሊ ማለት ብልቱግ፣ መሾላ፣ ስርናይ፣ ሰገም፣ ዳጉሻ፣ ዕፉን ብውሑድ ዓቐን'ውን ጣፍ ክኸውን ከሎ፣ 6,351.25 ሄ/ር (11 %) ደማ ጥረታት ማለት ኣደንጉራ፣ ባልደንጓ፣ ዒዒ፣ ዓተር፣ ብርስን እቲ ዝተረፈ 5,402.85 ሄ/ር (9 %) ደማ ናይ ቅብኣ ዘራእቲ ማለት ፋል፣ ሰሚዕም፣ እንጣጣዕ ብድምር 58,017 ሄ/ር መሬት ተዘሪኡ ኣሎ።



ዝፈረየ ግምቦ መሽላ

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ዝናብ ኣዝመራ ብዘይ ምንባሩ ብዓበኡ ዝናብ ክረምቲ'ውን ብምድንጓዩ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘራእቲ ብልቱግን ፋልን በሰሉን ነቒጾን ዘራእቲ መሾላ ከኣ ልዕሊ ሰለስተ ርብዒ ወሊዱ፣ ጸጊዑን ፈርዩን ካብ ሓደ ርብዒ ዘይበዝሕ ድማ ኣብ ምውላድን ምብሳልን ይርከብ። ኣብ ኣዝዩ ወሰኑን ከባቢታት ቆላ ከኣ ብፍላይ ኣብ ዘራእቲ መሾላ ዚየዳ ውሑስ ንክኸውን ሓደ.ክልተ ዝናብ ዝደሊ ቦታታት ኣሎ።



ሓረስታይ መንእሰይ እስማዒል ሓምድ

ኣብዚ ቅንያት'ዚ ኣብ ግራውቶም ዝረኸብናዮም ሓረስቶት ዝተፈላለየ ምምሕዳር ከባቢታት ዞባ ዓንሰባ ብፍሕሾው ገጽን ምሉእ ርእሰምትእምማንን "ቀውዒ ሎሚዝበን ኣዝዩ ዘይት እዩ፣ ማሻኣሉ! ፍረ ጻዕርና ከም ባህግናን ትጽበትናን ካዕቢቱ፣ ካብ ዓውዲ ናብ ቆፎ ምብጻሕ'ዩ ተረፉና ዘሎ" ይብሉ። ኣብ ሙብዛሕቱ ሕርሻታት ኣዝርእቲ ብልቱግን ፋልን ገና እቲ ጠሊ'ኳ እንተዛለወ በሲሉ ኣብ ውሑስ ደረጃ ምንቃልን ምብታኽን በጺሑ ኣሎ።

ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣዝርእቲ ከም ባህሪኦም ዝተፈላለየ ዓቐን ዝናብን ንውሓት ግዜን የድልዮም። ደርቅን ብዙሒ ማይን ኖቲ ኣብረት ኣለዎ።

ኣብ ከባቢ ለበና ኣብ ምንቃል፣ ምስራዕ ቅሚጦታትን ምቕንጣብ ፋልን ካብ ዝረኸብናዮም ሓረስቶት ኣቶ ዕመር መሓመድ ሰዒድ ምህርቲ ፋል ሎሚዝበን ኣዝዩ ጸቡቕ ከምዝሎ፣ ዕዳጋ እንተሓጊዙ ከኣ ንኹሉ ናይ እዋን ቀውዒ ንጥፈታትን ወጻኢታትን ክሽፍኖም ትሰፋዋት ምዃኖም ይገልጹ። ፋል ቀልጢፉ ንምህርቲ ስለዝበቅዕ፣ ንዕዳጋ ዓሊሞም'ውን ስለዝዝርእዎ (cash crop) ዳርጋ ኩሎም ሓረስቶት ናይ ገዛ እስቡዛታትን ወልፍን፣ ናይ ተመሃሮ ደቆም መመዝገቢን መግዝኢ ጥረወብቶን ከም ዝሽፍኑሎም ይሕብሩ። ኣሰራሓም እንተዘሪኦም ከኣ ርሑቕ ኣታዊታት ከምዝረኽቡሉ ይፍለጥ። ፋል ካብታ ዝዘርእዋ ሰለስተ ወርሒ እንተኣኺሉ ስለዘስሕል ምስ ግዜ ተቐዳዲምካ ምህርቲ ምእካብ የድሊ። ምኽንያቱ ግዜ እንተወሰዱ ኣብ እዋን ምንቃል ደብታቶኽ ከምኡ'ውን ብወዘቢ ናይ እዋን ቀውዒ (ጸያቕ ማዕጺድ) ዝናብ እንተዘቢ ብቖጥታ ስለዝበልዎን ዳግማይ ስለዝበቅልን ደብሶ።



ዓፍየት መሓመድ

ሓረስታይ ምም/ከባቢ ግላስ (ን/ዞ/ሓጋዝ) ኣቶ ጃብር ሓምድ ነበራይ "ክራማት ሎሚዝበን ኣዝዩ እዩ ደንጒዩን ኣሻቒሉናን ነይሩ። ደሓር ግን ብፍላይ ካብ መጀመርያ ወርሒ ነሓሰ ዳርጋ መዓልታዊ ከየቋረጸ ስለዝዘነበ ዋላ እቲ ድሒርና ዝዘራእናዮ ቀልጢፉ እዩ ኣርኪቡ። ስለዚ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ ኣዝርእትና ብልቱግን ፋልን ብዘይ ጥርጥር በሲሉ፣ ኣብ ቆፎኡ ምብጻሕ ጥራይ እዩ ተሪፉዎ ዘሎ" ብምባል ብርእሰ ምትእምማንን ዕግበትን ይገልጽ። ኣዝርእቲ መሾላ ግን ሕጂ ስለዘወለደ ናብ ፍረ ክበጽሕን ጸጊኡ ክዛዕንን ሓደ-ክልተ ዝናብ ከምዝድልዮ ሓቢሩ።

መንእሰይ ሓረስታይ እስማዒል ሓምድ ብወገኑ፣ " ክራማት ጀሚሩ ምስ ኣቋረጸ፣ ሰጊእናን ተጠራጢርናን ነይርና። ካብ ተመኩሮናን ምኽሪ ክኢላታትን ብምውሳድ ብዕድል ሎሚዝበን ኣብ ግራትና ኩሉ ዝዘራእናዮ እኽልና ብልቱግ ጥራይ እዩ ነይሩ። እቲ ብልቱግ ከኣ ምናጽ ዘርኢ ስለዝኾነ ማሻኣሉ ንበልዖ ይግበረና ምህርትና ውሑስ እዩ" ኢሉ።

ኣብ ባህርይ፣ ኩነታት ኣየርን ትሕዝቶ መሬትን በበእዋኑ ምቕይያራት እናተራእየ ይኸይድ ስለዘሎ፣ ሓረስቶት ሃገርና ምስቲ መንግስቲ ዝዀበረሎም ምንቅቓሕ፣ ስልጠናን ምትሕብባርን እናተሳዀ፣ ካብ ልምዳዊ ሕርሻ እናተላቐቑ ምስ መድረኽ ዝጠልቦ ዘበናዊ ኣገባብ ክሰለዩ ይግበኦ። ካብ ማሕረስ ብኣብዑርን መጸዓኛን ተላቒቖካ ብትራክተር ምሕራስን ምጥቃም ምናጽ ዘርእን ዘመዝዮኦ ዘሎ ወጻኢት ብዋዕበሪ ኣብ ባይታ ደረአ ኣሎ።

ክኢላ ዘራእቲ ኣቶ ተስፋብርሃን ንኩነታት ሓረስቶት ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ " ኣብዚ እዋን'ዚ ብተዛማዲ ንቕሓት ሓረስታይና ብፍላይ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ግራውቲ፣ ምጥቃም ባህርያዊ ድኹዒ፣ ብኢደካ ምጽሃያይ፣ ገሲያ ጸቡቕ ዝኾነ ንጥፈታት ከም ዝካየድ፣ ኣብ ምጥቃም ምናጽ ዘርኢ፣ ብመስመር ምዝራእ፣ ምውጋድ ተጠቃምነት መድሃኒት ኣብ ዘራእቲ ዝኣመሰሉ ኣዝዮም ኣገደስቲ ንጥፈታት ግን ብተዛማዲ ካብ ዝበሮ ይሓይሽ ደኣ እምበር ገና ንቕሓቱ ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ኣይበጽሐን። ብወገን ሚ/ሪ ሕርሻ ቀጻሊ ኀሳሳትን ስልጠናታትን ይካየድ ኣሎ።" ኢሉ። ቀጺሉ'ውን ሚ/ ሕርሻ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ዓቢ ቴማ ሓረስታይ ብጥዕናኡ፣ ጥዕና መሬቱን ጥዕና ጥሪቱን ውሑስ ብምግባር ዝያዳ ኣፍራይነቱ ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ብምክያድ ቀጻሊ ጻዕሪ ይግበር ከምዘሎ ብዝርዝር ገሊጹ።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ማሕበራዊ ክእለታት ኣብ ዲጂታላዊ ዓለም

### ተክኖሎጂ ኣቀራሪቡና ዶ ወይ ኣራሓሒቑና?

ኣደይ ስላስ ዝበሃላ ጎረቤትና፡ ምስ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝርከቡ ደቀን ብተሌፎን ኣዕሊለን ምስ ወድኣ ነታ ሞባይል ጥምት የብላኣሞ፡ "እዚኣ ዝተማህዘትላ መዓልቲስ ከመይ ብርኽቲ መዓልቲ፡" እናበላ ይዛረባ ነበራ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ብኣንጻሩ ኣደታት "ነዚኣ ዝመሃዘስ ከመይ ኢዱ ይሰበር" ኢለን ክራገማ እየን ዝውዕላ ዘለዋ። ብስራሕ ምኽንያት ናብ ብርክት ዝበላ ንኡሳን ዞባታትን ከተማታትን ኤርትራ ክዝወር ቀንየ፣ እቲ ዑደት ኵነታት መንእሰያትን ኮተቴን ንምፍታሽን ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ከኣ ንቕሓትን ክእለትን መንእሰያት ዘበርኽ መደባት ንምስራዕን እዩ ነይሩ። ኣብዚ ዕደት'ዚ፡ ካብ ዝተዓዘብክዎ ከኣ ሞባይል ጠንቂ ብርክት ዝበሉ ድኽመታን ኣሉታዊ ባህርያትን ቈልዑ፡ ኮተቴን መንእሰያትን ትኸውን ከም ዘላን ብኣጋኡ መፍትሒ እንተ ዘይረኺብናሉ ከኣ ኣሰካፊ ክኸውን ከም ዝኽእልን እዩ።

ተለፎን ሓንቲ ካብቶም ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ዓበይትን ኣገደስቲን ምህዞታት እያ፣ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ታሪኽ ዓለም፡ ኣብ በበይኑ ተረሓሒቖም ዝርከቡ ሰባት ብድምጺ ክራኸቡ ብምኽኣል፡ መሰረታዊ ማሕበራዊ ለውጢ ኣብ ሕብረተሰብ ከኣ ኣምጺኣ። ኣብዚ እዋን'ዚኸ?

ኣብ ብርክት ዝበለ ኣጋጣሚታት ተክኖሎጂ ዘይኮነ፡ ናይ ተክኖሎጂ ኣጠቓቕማና ናብ ዘይተደለየ ብኽነትን ኣሉታዊ ባህርያትን የቃልዓና ከም ዘሎ ይዝረብ እዩ። እዚ መርዳእታ'ዚ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ተለፎን ብ1876 እያ ተማሂዛ፡ ብ1973 ከኣ ናብ ተንቀሳቓሲ ተለፎን ማዕቢላ። ተንቀሳቓሲ ተለፎን (ሞባይል) በብግዜኡ እናማዕበለ ከኣ ናብዘን ኣብዚ ግዜ'ዚ ብስማርት ፍሆን (ስማርት ተለፎን) ዝፍለጣ ስክሪን ዘለወ፡ ህይወትና ገዚኣን ዝርከባ ተክኖሎጅያዊ መሳርሒ ማዕቢላ።

ተለፎን መጀመርያ ክትመሃዝ እንከላ ኣብ በበይኑ ቦታ ዘሎ ሰብ ንምርኻብ እያ ተማሂዛ፣ ሕጂ ግን ብሓደ ንዘለዉ ሰባት እተረሓሕቕ መሳርሒት ኮይና ትርከብ። ስማርት ተለፎን፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ መምሃዚኣ ንኡስ ክፋል ጥራይ ሒዙ፡ ዝዓበየ ክፋል ንኻልእ ዕላማ ከም ዘገልግል ኮይኑ ይሰራሕ ስለዘሎ ዝኾነ ሰብ ክውንና ይብህግን ይግደን ኣሎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ቈልዑን ኮተቴን ሞባይሎም ንምንታይ ይጥቀሙላ ምስ እንሓትት፡ ኣብ ሃገርና ብፍላይ ንመደወሊ ከም ዘይኮነ ብሩህ እዩ። ዝነበሑ፡ ሙዚቃ መስምዒ፡ ቪድዮ መርኣዪ፡ ጌም መጻወቲ፡ ደረቕን ተንቀሳቓሲ ስእልታት መቕረጺ፡ ወዘተ. ዝጥቀሙላ ኮይኖም፡ ገለ ገለ ከኣ መንበቢን መጽሓፍን ይጥቀሙላ።

ተመሃሮ፡ ኣብ ቤት ትምህርቶም ወይ ከባቢኦም ዝርከብ ዲጂታል ላብረሪን ዲጂላታዊ መጽሓፍት ብሞባይል ገይሮም ከንብቡን ከመሃሩን ክተባብዑ ጸኒሖም እዮም። ብግብሪ'ውን እቶም ኣብ ንባብን ትምህርትን ዝግደሱ ተመሃሮ ነዚ ባይታ ተጠቒሞም ዝሓሸን ዝሰፈሐን ፍልጠት ኣኻዕቢቶም እዮም። እንተኾነ፡ ዝበዝሑ ተመሃሮና ካብ ንትምህርቲ ንኻልእ መዘናግዒ ነገራት ይጥቀሙላ ምህላዎም'ዩ ዝንገር። ስማርት ተለፎን፡ ብዘይካ'ቲ እንጽዕኖ ሓበሬታ፡ ብብዝሒ ግዜ ኣብ ስክሪን ብምሕላፍ'ውን ሓንጎልና ኣዳኺሙ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክቐስም ዝግባእ ፍልጠት ከም ዝጎድል ይገብር እዩ። ስማርት ተለፎን ወይ ካልእ ድጂታላዊ መሳርሒታት ንነዊሕ ግዚ ምጥቃም ናይ ኣድህቦ ግዜ ከሕጽርን ናይ ምዝካር ክእለት ከዳኽምን ከም ዝኽእል መጽናዕትታት ይሕብር። እዚ መሳርሒታት ድጉል ናይ ምውላፍ ዓቕሚ ስለ ዘሎዎ ንሓንጎልና ዝስዕቦ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዋላ ንረዳእ፡ ብኣጋኡ ክንሓድጎ ኣጸጋሚ ይገብሮ።

ጉድኣት ስማርት ተለፎን ኣብ ጥዕና ኣካላትና ብብዝሒ ክዝረበሉ ጸኒሑ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ኣብ ሃገርና ኣሉታዊ ሳዕቤኑ እናጎለሐ ዝኸይድ ዘሎ እቲ ኣብ ማሕበራዊ ጥበባት ዘስዕቦ ጉድኣት'ዩ። ቍልዕነን ኰትትና፡ ሓንጐልና ተመጣጥነቱ ዘዕብየሉን ካብ ከባቢኡ ሓበሬታ ብምውሳድ ንነዊሕ እዋን ዝኸይድ ባህሪያት ዝሃንጸሉን ደረጃ ህይወት እዩ። ኣብዚ ክሊ ዕድመ ብወለዲ ዘይተማእዘነ ኣጠቓቕማ ስማርት ተለፎን ምህላው፡ ቈልዑን ኮተቴን ባህርያቶም ብኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ክብርታትን ስነ ምግባርን ከይኵስኵሱ ክድርት ይኽእል።



ቈልዑን ኮተቴን ብኸመይ ማሕበራዊ ክእለታት ካብ ሕብረትሰብ ይመሃሩ? ስማርት ተለፎንከ ብኸመይ እዩ ኣሉታዊ ሳዕቤት ዘኸትል ዘሎ?

### 1- ምግዳል ናይ ምስማዕ ክእለት

ኣብ መንጎ ሞባይል ዝሓዙ ሰባት ኮፍ ኢልና ንፈልጥዶ? ካብ ንበይንኻ ኮፍ ምባል ዝፍለ እንታይ ረኺብናሉ? ስማርት ተለፎን ኣድህቦ ናይ ምስላብ ልዑል ዓቕሚ ስለ ዘሎዎ፡ ሰባት ሞባይሎም ኣብ ዝጥቀሙሉ ግዜ ክርእዩ፡ ክሰምዑን ከድህቡን ኣይክእሉን። ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ሓጺርን ዝተኾላለፈን ናይ ኣድህቦ ድኽመት የማዕብሉ። ነዊሕ ዘረባ ከሰልጭዎምን ኣብ መንጎ ዕላል ኣድህቦኦም ይስረቕን። ንኻልኦት ክሰምዑ ዓቕሊ ስለ ዘይብሎም ማሕበራዊ ጽልኣት የሕድሩን ኣደዳ ጭንቀት ከኣ ይኾኑን።

### 2- ትሑት ርህራሄን ምሕደራ ስምዒትን-

ምስ ሰብ ምውዓል ባህሪ፡ ስምዒትን ኣተሓሳስባን ሰባት ክትመሃር የኽእል። ምስ ተክኖሎጅያዊ መሳርሒታት ምውዓል ዝለዓለ ክእለት ናይ ኣጠቓቕማ ከነዕቢ ይሕግዝ እዩ፣ እንተኾነ ናይ ሰባት ባህርን ምስ ሰባት ምስ ቀረብና ዝህልወና ባህርን ክነለሊን ኣየኽእልን። ተመኲሮ ሰባት ክንፈልጥን ስምዒታዊ ቅርርብ ክንፈጥርን ምስ ዘይንኽእል፡ ንኻልእ ሰብ ክንርዳእን ርህራሄ ክህልወናን ኣይክእልን። ሰብ ክርህርህን ስምዒት ናይ ሰባት ክርዳእን ተፈጥራኣዊ ትዕድልቲ'ኳ እንተ ሃለዎ፡ ህጻን ምስ ተወልደ በብደረጅኡ እንተ ዘይተኾስኲሱ ካብ ኣራዊት ዝሓየለ ናይ ጎነጽን ጭካነን ባህርያት ከርኢ ይኽእል እዩ። መጽናዕትታት ካብ ዝሕብሮ እቶም ምስ ተክኖሎጅያዊ መሳርሒታት ብፍላይ ምስ ሞባይል ዝውዕሉ ቈልዑን ኮተቴን ጭካነ ዝተሓወሶ ጎነጻዊ ባህሪ የንጸባርቑን ገብናት ይፍጽሙን።

### 3- ግርጭት ናይ ምፍታሕ ክእለት

ሓደ ንበይኑ ዝነበር ሰብ ግርጭት ኣየጋጥሞን እዩ። ኣፈታትሓ ግርጭ ክመሃር ወይ ከዕቢ'ውን ኣገዳሲ ኮይኑ ኣይረኣዮን እዩ። እንተኾነ ኣብ ዓለም ክሳዕ ዘለና ምስ ካልኦት ሰባት ከይተራኸብናን ዘምድና ከይፈጠርናን ክንብር ኣይከኣልን እዩ። ምስ ካልእ ሰብ ርክብን ዝምድናን ምስ ዝህልወና ከኣ ግርጫት ክፍጠር ንቡር እዩ። ተክኖሎጂ፡ ማሕበረ-ቍጠባዊ ለውጢ ብምምጻእ ኣብ ምፍኻስ መነባብሮ ሕብረትሰብ ልዑል ተራ ስለዘተጻወተ ብተዛዋዋሪ ግርጭታት ኣብ ምፍታሕ'ውን ሓጊዙ እዩ። እንተኾነ ኣበይን መዓስን ንጠቀመሉ ካብ ዘይምፍላጥ ዝተበገሰ ኣብዚ ግዜ'ዚ ጠንቂ ድኽመት ጥበባት ምፍታሕ ግርጭታት ኮይኑ ይርከብ። ክብደት ናይቲ ዘጋጠመ ግርጭት ዘይምርዳእ፡ ካብ ሓላፍነት ምህዳም፡ ምምኽናይ ወይ ኣሉ ምባል፡ ካብ ንቡር ወጻኢ ጎነጻዊ ባህሪ ምንጽብራቕ፡ ወዘተ ገለ ካብቲ ብብዝሒ እንርእዮ ዘለና ባህርያት ቈልዑን ኮተቴን እዩ።

### 4- ትሑት ነብሰ ምቕጻር

ንቈልዓ ሞባይል ሂብካ ምጥባር፡ ኣብ ዝበዝሐ ስድራቤታት ከም ተርእዮ እናሳዕረረ ዝኸይድ ዘሎ እዩ። ወለዲ፡ ንቈልዑ ኢሎም ዝተሰርሑ መምሃርን መዘናግዕን ቪድዮታት መሪጾም ብሞባይሎም ምርኣይ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ይበዝሕ። ቈልዑ ንግዚኡ ስቕ ክብሉልናን ገለ ትምህርቲ'ውን ክቐስሙን ይኽእሉ እኳ እንተኾነ፡ ክንቈጻጸሮም ግን ኣሸጋሪ እዩ። ቈልዓ ቅድሚ ነብሱ ምፍላጡን ብኸመይ ነብሱ ክቈጻጸር ይኽእል ምምሃሩን፡ ናብ ኣዝዩ ኣወላፊ ነገር ምቅላዕ፡ ድሒሩ ንዝመጽእ ካብ ቍጽጽርና ወጻኢ ዝኾነ፡ ፈውሲ ዘይርከቦ ኣሉታዊ ባህርያት ከም ምኹስኳስ እዩ ዝሕሰብ። እዞም ስማርት ተለፎን ብዙሕ ዘይስተማቐርና ወለዶ'ኳ ሞባይልና እንተ ጠፊኣ ክንጽለል ንደሊ ዘለና፡ እቶም ካብ ዝፍጠሩ ምስ ሞባይልን ካልእ ተክኖሎጅያዊ መሳርሕን ዝዓብዩ ቈልዑ ክሳብ ክንደይ ተመርኲስነት ከሕድሩ ይኽእሉ ንምግማቱ ኣየሸገርን እዩ። ሓደጋነት ናይዚ ተረዲእና ደቅና ካብዚ ወልፍ'ዚ ክነከላኸል ምምእዛኖም ግዜኡ እዩ።

### 5- ክፉት ሕቶ ናይ ምሕታት፡ ምዝራብን ምጽሓፍን ድሩት ክእለት

ምስ ሞባይሉ ተጸሚዱ ዝርከብ ሰብ እንተ ተዛሪብካዮ ወይ ሓቲትካዮ፡ ካብቲ ተጸሚድዎ ዘሎ ነገር ንኸይእለ፡ ሓጺር መልሲ እዩ ዝህበካ። ስማርት ተለፎን ሓጺር ኣድቦ ጥራይ ዘይኮነ ሓጺርን ኣቋርጫን መገዲ ናይ ዘረባን ጽሑፍን እናኣተኣታተወ፡ ዕሙቕ ዝበለ ዝርርብን ዕላልን ከም ዘይህልወና ይገብር ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ቋንቋ እንግሊዘኛ፡ ተጠቀምቲ ብቕልጡፍ ክምልስሉ ዝኽእሉሉ ኣገባብ ብምትእትታው ቃላትን ሓሳባት ተዳቒቑ ናብ ኣዝዩ ውሱን ቁጽሪ ተጓዲሉ ይርከብ። ድሕሪ ገለ ግዜ ቋንቋ እንግሊዝኛ ምሉእ ብምሉእ ካልእ ምስሊ ክሕዝ ናብ ዝኽእለሉ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። እቲ ዝሓየለ ኣሉታዊ ክፋሉ ግን ኣብ ቋንቋ ዘኸትሎ ዘሎ ሳዕቤን ዘይኮነ ኣብ ሓሳብን ውሳነ ምሃብን እዩ። እዚ ብሰንኪ ቴክኖሎጅን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ዝተኣታቶ ዘሎ ቅልጡፍ መልሲ ናይ ምሃብ ባህርያት፡ ነቲ ኣብ ሕበረትሰብና ዝርከብ ሓሲብካን ኣስተዊልካን ናይ ምምላስን ምውሳንን ክእለት ከይንማዕብል ደሪቱና ይርከብ። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ቀዳሞት ርእይቶ ወሃብቲ ክኾኑ ዝገብርዎ ዘለዉ ግህሰት ክብሪ ሰብ ካብ ሓሲብካን ረዲኻን ዘይምምላስ ዝተላዕለ እዩ። ጠንቂ ብርክት ዝበለ ግርጭታት ኮይኑ ከኣ ይርከብ።

ኣገዳስነት ተክኖሎጂ ብሓፈሻ፡ ኣገዳስነት ስማርት ተለፎን ብፍላይ ዘየካትዕ ኮይኑ፡ ኣብ ቈልዑን ኮተቴን ዘስዕቦ ዘሎ ሳዕቤናት ግን ብቕልጡፍ መፍትሒ የድልዮ። እዚ ብድሆ'ዚ ኣብ ከተማታት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ርሑቕ ዓድታትን ገጠራትን ከይተረፈ ኣስፋህፊሑ ስለ ዝርከብ ሃገራዊ ጠመተ ዘድልዮ ኮይኑ ይስመዓኒ። ብዝዓበየ ወለድን ስድራቤትን ኣብ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ተለፎን እኹል መረዳእታን ምቍጽጻርን ክህልዎም የድሊ። በብደረጃኡ ከኣ ቤት ትምህርቲ፡ ኮምን ካልእ ኣብዚ ጉዳይ ዝምለከተና ኣካላትን ክንሰርሕ እላቦ። ከምቲ ሽጋራን ካልእ ወልፍታትን ንምጒዳል ውጽኢታዊ ስጉምቲ ዝተወሰደ፡ ሞባይል'ውን ብተመሳሳሊ ኣሰክፊ ወልፊ ኮይኑ ስለዘሎ ሓያል ዝኾነ ስጉምቲ የድልዮ።



# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ ንሩስያ ተፈራርሐ

ክፍሊ. ውግእ ኣመሪካ፡ ፌደረሽን ሩሲያ ምስ ዩክሬን እተካይዶ ዘላ ኲናት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ደው ምስ ዘይተብሉ፡ ኣብ ልዕሊ. ሩሲያ ኣድላዩ ዝበሎ ስጉምቲ ክወስድ ድሉው ምዃኑ፡ ጸሓፊ ናይቲ ክፍሊ. ፒት ሄግሰት ኣጠንቂቑ።

ጸሓፊ ናይቲ ክፍሊ. ወሲኹ፡ ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ንዩክሬን ንምድጋፍ ዝካየዳኦ ዘለዋ ወተሃደራዊ ጎስጓሳት ንኢዱ።

ንሱ፡ “ኣብ መንጎ ፌደረሽን ሩሲያን ዩክሬንን ዝቐጽል ዘሎ ኲናት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ብሰላማዊ መንገዲ ክዕረፍ እንተ ዘይክኣለ፡ ሃገሩን መሻርኽታን ኣብ ልዕሊ. ፌደረሽን ሩሲያ ኣድላዩ ስጉምቲ ክወስዳ እየን” ክብል ገሊጹ።



ዝሓለፈ. ሰንበት፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሩሲያ ኣብ ልዕሊ. ዩክሬን እተካይዶ ዘላ ደብዳብ ደው እንተ ዘይ ኣቢላቶ፡ ‘ቶማሃውክ’ ዝተሰምየ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላት ናብ ዩክሬን ክልእኽ ከም ዝኽእል ምእማኑ ዝዘከር እዩ።

እቲ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይል፡ ክሳብ 2,500 ኪሎ ሜትር ርሒቑ ንዘሎ ዒላማ ዘወቅዕ ብምዃኑ፡ ሞስኮን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታትን ፌደረሽን ሩሲያ ኣብ ዒላማ ክኣትዋ ከም ዝኽእላ ተንተንቲ ይገልጹ።

ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣመሪካ ‘ቶማሃውክ’ ዝተሰምየ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላት ናብ ዩክሬን ክትልእኽ ዘለዋ መደብ፡ ንዝምድናኣ ምስ ሃገሩ ዘቦላሹ ከም ዝኾነ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ሰሙን ኣጠንቂቑ ምንባሩ ይዝከር።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ. ፌደረሽን ሩሲያ ማርያ ዛካሮቫ ኑቲ ጉዳይ ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ዩክሬን ኑቲ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይል ናይ ምጥቃም ድልየታ፡ ኑቲ ሰለስተ ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ ኲናት ንምንዋሕ ዝዓለመ ምዃኑ ኣተሓሳሲባ።

ኣፈኛ ክረምሊን ዲሚትሪ ፔስኮቭ ብወገኑ፡ ሃገሩ ኑቲ ኲናት ብሰላማዊ መንገዲ ንምዕራፍ ድልውቲ’ኳ እንተ ኾነት፡ ኣማራጺ. ክትረኽብ ብሰንኪ. ዘይምኽኣላ ግን ኑቲ ወተሃደራዊ ስርሒታት ክትቅጽሎ ትግደድ ምህላዋ ሓቢሩ።

## “ህንዲ ነዳዲ ሩስያ ምዕዳግ ከም እተቋርጽ ኣረጋጊጻትለይ” ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ቀዳማይ ሚኒስትር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ሃገሩ ካብ ፌደረሽን ሩሲያ እትዕድጎ ነዳዲ ደው ከተብል፡ ቃል ከም ዝኣተወሉ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ምምሕዳሩ፡ ሩሲያ ካብ ነዳዲ ንእትረኽቦ እቶት ንምቁራጽ ጻዕርታቱ ኣብ ዘሐይለሉ ዘሎ ግዜ፡ ምስ ቻይና እውን ኣብ ተመሳሳሊ. ስምምዓት ንምብጻሕ መደባት ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ህንዲ ካብ ሩሲያ እትዕድጎ ነዳዲ ደው ንኸተብሎ፡ ኣብ ልዕሊ. ካብታ ሃገር ናብ ዕዳጋታቱ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ናይ 50 ሚእታዊት መጠን ቀረጽ ብምስላዕ ኣብ ልዕሊኣ ጸቕጢ. ምፍጣሩ ዝዝከር እዩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ቀዳማይ ሚኒስተር ናሬንድራ ሞዲ፡ ሃገሩ ካብ ሩሲያ ነዳዲ ከም ዘይትሸምት ኣረጋጊጹለይ” ድሕሪ ምባል፡ እቲ መስርሕ ምቁራጽ ሸመት ነዳዲ ግን ብቕጽበት ከም ዘይፍጸም ኣፍሊጡ ኣሎ።

መንግስቲ ህንዲ፡ ኣብቲ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝሃቦ መግለጺ. ኣመልኪቱ ዛጊት ዝኾነ ርእይቶ ኣይሃበን ዘሎ።

ዝሓለፈ. ረቡዕ’ውን ጸሓፊ ክፍሊ. ግምጃ ኣመሪካ ስኮት በሰንት፡ ንሚኒስተር ፋይናንስ ጃፓን ካትሱናቡ ካቶ ኣብ ዋሽንግተን ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ብምርካብ፡ ምምሕዳር ትራምፕ፡ ጃፓን ካብ ሩሲያ እትዕድጎ ጸዓት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ደው ከተብል ትጽቢት ከም ዘለዎ ሓቢሩ ኣሎ።

ዝበዝሐ ሚእታዊት ጠለብ ነዳዲ ህንዲ፡ ብፌደረሽን ሩሲያ ከም ዝማላእ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ጀርመን፡ ንዩክሬን 2 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ ክትህብ ቃል ኣትያ

ዩክሬን ኑቲ ልዕሊ. ሰለስተ ዓመታት ኣቑጺሩ ዘሎ ምስ ፌደረሽን ሩሲያ እተካይዶ ዘላ ኲናት ንምብዳህ፡ ክሳብ 2026 ኣብ ዘሎ ግዜ 120 ቢልዮን ዶላር ከም ዘድልያ ኣብ ትሕብረሉ ዘላ እዋን፡ ጀርመን ልዕሊ. 2 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ ክትህባ ቃል ከም ዝኣተወትላ ተሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ጀርመን ቦሪስ ፒስቶርየስ ኣብ ብራሰለስ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ‘ጉጅለ ርክብ ምክልኻል ዩክሬን’ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መሓዛት ዩክሬን ዝኾኑ ሃገራት ኣብ ውሳነኦን ክጸንዓን ነታ ሃገር ከኣ ብዝዘለ. ዘለዎ ኣጽዋር ክቕርባላን ተማሕጺኑ።





ወተሃደራዊ ድጋፍ ጀርመን፡ ንህጹጽ ጠለባት ዩክሬን ማለት፡ ንስርዓታት ምክልኻል ሚሳይልን ነፈርትን፡ ስርዓታት ራዳርን ብተኽእሎ ዝምራሕ መዳፍዕ፡ ሮኬታት፡ ተተኮስትን ካልእን ዝሸፍን ምዃኑ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ካብ ዝሓለፈ. ቀረባ ኣዋርሕ፡ ኣባላት ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ፡ ዩክሬን ኑቲ ምስ ፌደረሽን ሩሲያ እተካይዶ ዘላ ኲናት ንምቕጻል ዘኽእላ ኣጽዋራት ብሰሩዕ ክኣርኽባ ምጽንሐን ይዝከር።

ኣብዚ. እዋን፡ ኣብ ኤውሮጳ ዝርከብ መኽዘን ትርፊ ኣጽዋር፡ ብሰንኪ. ኲናት ዩክሬን ናብ ምጽንቃቕ ገጹ ይኸይድ ከም ዘሎ ይሕበር።

## ቨነዙዌላ፡ ሓድሽ ናይ ምክልኻል ዞባታት ንምቛም መደብ ከም ዘውጽአት ኣፍሊጣ

ፕረዚደንት ቨነዙዌላ ኒኮላስ ማዱሮ፡ ኣመሪካ ኣብ ዞባ ካሪብያን ሕቡእ ምንቅስቓሳት ተካይድ ከም ዘላ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን፡ ሃገሩ ንግዝኣታ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንምሕያል ዘኽእላ ሓዲሽ ውጥን ከም ዘውጽኣት ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ማዱሮ ዝሓለፈ. ረቡዕ ምስ መደበር ቴለቪዥን ሃገሩ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ ቨነዙዌላ ኣብቲ ንሃገራዊ ድሕነትን ዞባዊ ምርግጋእን ኣገዳሲ. ዝኾነ ምስ ኮሎምብያ ዘራኽብ ምዕራባዊ ዶብ፡ ሰፊሕ ናይ ምክልኻል ዞባታት ንምቛም መደብ ከም ዝሓንጸጸት ኣፍሊጡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ዜጋታትን ዕጡቓት ሓይልታትን ንዶብ ሃገሮም ካብ ግዳማዊ ምትእትታው ንምክልኻል ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሑ’ውን ጸዊዑ።

ፕረዚደንት ማዱሮ፡ ድሕሪ እቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣመሪካ (ሲ.ኣይ.ኤይ.) ንቨነዙዌላ ዒላማ ዝገበረ ሕቡእ ስርሒታት ክካይድ ፍቓድ ከም ዝሃቦ ዝገለጸ ሓበሬታ ምውጻኡ እዩ ዚ. መግለጺ’ዚ. ዝሃበ ዘሎ - ብመሰረት ምንጪታት ዜና።



## ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ንማዳጋስካር ካብ ኣባልነቱ ኣደስኪሉዋ

ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ወተሃደራዊ ሓይሊ. ማዳጋስካር፡ ንፕረዚደንት ናይታ ሃገር ኣንድሪ ራጆሊና ካብ ስልጣን ዓልዩ ናብ ስልጣን ክድይብ ድሕሪ ምውሳኑ፡ ነታ ሃገር ካብ ኣባልነቱ ከም ዘደስከላ ሓቢሩ።

እቲ ሕብረት፡ ኣብ ማዳጋስካር ቅዋማዊ ስርዓት ናብ ስልጣን ክሳብ ዝምለስ፡ እታ ሃገር ኣብ ዝኾነ ንጥፈታት ናይቲ ውድብ ንኸይትሳተፍ ከም ዝተኸልከለት ኣፍሊጡ።

ሕብረት ኣፍሪቃ፡ መራሒ. ናይቲ ናዕቢ. ዝፈጠረ ወተሃደራዊ ሓይሊ. ዝኾነ ኮሎኔል ማይክል ራንድሪያናሪና፡ ኣብ ቀረባ እዋን ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ኮይኑ ቃለ ማሕላ ክፍጽም ምዃኑ ድሕሪ ምሕባሩ እዩ ዚ. ውሳኔ ዘሕለፈ ዘሎ።

ባይቶታት ሰላምን ጸጥታን ሕብረት ኣፍሪቃ ድሕሪ ዘካየዶዎ ኣኼባ ኣብ ዘውጽእዎ መግለጺ፡ እቲ ሕብረት፡ ኑቲ ብ14 ጥቅምቲ ብወተሃደራዊ ሓይሊ. ማዳጋስካር ዝተኻየደ ስልጣን ናይ ምምንዛዕ ስጉምቲ ኣትሪሩ ከም ዝኾነኖ ብምጥቃስ፡ ኑቲ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብ ስልጣን ዝድይብ መንግስቲ’ውን ፈጺሙ ከም ዘይቕበሎ ኣፍሊጡ።

ማዳጋስካር፡ ደድሕሪ ኒጀር፡ ማሊ፡ በርኪናፋሶ፡ ጊኒን ሱዳንን፡ ብሰንኪ. ዕልዋ መንግስቲ ካብ ኣባልነት ሕብረት ኣፍሪቃ ዝተኣልየት መበል ሻምሻይቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ክትከውን ከኢላ ኣላ - ብመሰረት ጸብጻባት ዜና።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ. ኪዳነ ምሕረት | 17/10/25 | ጎደና ሰሓርቲ -835 ቁ.115ቀበበ. ቤ/ትምህርቲ ሰንበል | 07113046 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565